# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.281 ሰሉስ 25 ሓምለ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ንስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ዝጐድኡ ልምድታት



ገጽ 3
ባህሪ ስነ-ጥበብ

ገጽ 4
ምችእቲ ስፍራ ንምፍጣር



ገጽ 5
ምልኡነት ኣብ ደቂ-ሰብ



ገጽ 7
ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ናይ ኣሰልጠንቲ . . .



## ፈጻሚ ቦርድ ሃማደኤ፡ መደባት ቀዳማይ መንፈቕ ገምጊሙ



ፈጻሚ ቦርድ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፥ ብ20ን 21ን ሓምለ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየዶ ኣኼቡ ገምጋም ቀዳማይ መንፈቕ ብምክያድ፡ ኣብ መደባት ካልኣይ መንፈቕ ዘተዩ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቂ-ኣንስትዮ ክብ ንምባል ዝካየድ ጻዕራታት ንምድንፋዕ ኣባላት ማሕበር ኣብ ትግባረ መደባት ኣበርቲዖን ክሰርሓ ጸዊዓ።

ሓለፍቲ ሽዱሽቲኤን ዞባታትን ሓለፍቲ ክፍሊታት ማሕበርን ኣብ ዘቕረብኦ ጸብጻባት፡ ኣብ ምኽሳኻስን ምዕቃብን ከብሪታት፣ ምውዳብ ደቂ-ኣንስትዮ ብዓይነትን ብዝሕን፣ ምብራኽ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ቁጠባ፣ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚታት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምብራኽ ንቕሓትን ምውጋድ ጐዳኢ ልምድታትን ኣተኲሮ ስራሕ ከምዝተዓመ ገሊጸን።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ካልኣይ መንፈቕ - መደባት ምብራኽ ንቕሓትን ውዳበን ዓይነታውን ጸላውን ንምግባሩ ብወሃደት ክሰርሑ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሐን።

ኣቐዲሙ ቦርድ ሃማደኤ ናይ 13 ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ 4ይ ጉባኤ ኣቃኒዑ ነይሩ።

ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኣለም በላይ፥ እቲ ጉባኤ ኣብ ፍሉይ መድረኽ መኸተን ልምዓትን ደሰላሰል ምህላዉ ጠቒሳ፡ ኣባላት ዝ. ዝበቕዕ መደባት ኣብ ምውጣንን ምትግባርን ክሰርሑ ኣዘኻኺራ።

## ንስድራ ሰዉኣት፡ ገንዘባውን ዓይነታውን ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድጉን ባሕሬን፡ ንስድራ ስዉኣትን መሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን 94,500 ናቕፋ፥ 120 ኣጣልን 12,750 ሪያልን ሓገዝ ተበርኪቱ።

በዚ መሰረት፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣመሓደርቲ ከባቢን ንኡስ ዞባ ድጉ ዘዋጽእዎ 94,500 ናቕፋ፣ ከምኡ'ውን ነበርቲ 10 ምምሕዳራት ከባቢ ዘበርከትዎ 120 ኣጣል፡ ን63 ጽጉማት ስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድጉ ኣቶ ሁመድ ኢሉ፡ ምሕጋዝ ስድራ ስዉኣት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ሓላፍነት ብምዃኑ፥ እቲ ወፈያታት ብዘበርከቡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላቢዩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ባሕሬን 12,750 ሪያል ንመሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ኣበርኪቶም።

ኣደ-መንበር ማሕበረኮም ወ/ሮ ሓዳስ ሓምድ፡ እዚ ወጽኢት'ዚ ቀዳማይ ክፋል ምዃኑን ካልኣይ ክፋሉ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከምዝትግበርን ሓቢራ።

## ማእከል - 80 ብሉጻት መማህራን ተሸሊሞም

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ን80 ብሉጻት መማህራን መዋእለ ህጻናት፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት ሸሊሙ።

ብ22 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ቴድሮስ ኣብርሃም፡ 48 ሚእታዊት ካብ ተሸለምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ምዃነን ብምጥቃስ፡ መስርሕ ምሃብ ደምጺ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብሱፐርቫይዘራትን ብመማህራንን ዝወሃብ ነጥቢ፡ 40 ብተመሃሮ ከምዝዝበረ ገሊጹ።

ንነፍሲ-ወከፍ ተሸላሚ 2 ሽሕ ናቕፋ፥ ብድምር 160 ሽሕ ናቕፋ ከምዝተዓደለ እውን ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ብወገኑ፡ ንብሉጻት መማህራን ዝወሃብ ሽልማት፡ ከም ንተሸለምቲ ዝፈጥሮ ድርኺት፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብዓይነት ንምምሕያሽ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ዕዙዝ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

እቶም ሽልማት ዝተቐበሉ ገዳይምን ሓደስትን መማህራን፡ በቲ ሽልማት ተተባቢዖም ሃገር እትሕብሎም ብሉጻት ዜጋታት ኣብ ምምልማል ብዝወፈየት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ቤት-ጽሕፈት ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ 15 መዋእለ ህጻናት፡ 6 ናይ መባእታ፡ 5 ናይ ማእከላይ፡ 3 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ፡ ብድምር 29 ትካላት ትምህርቲ ይሓቍፍ።



## ዓዲ-ኳላ - ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ምምሕያሽ ተራእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ውጽኢት ተመሃሮ ምምሕያሽ ከምዘርኣየ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምግምጋም ብ15 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋይ ሰብሓቱ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ መጠን ምሕላፍ ኣብ መባእታ 91.7 ሚእታዊት፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ 76 ሚእታዊት፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ 81 ሚእታዊት ምዃኑ - እዚ ድማ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ናይ 4 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ሱፐርቫይዘር መሰረታዊ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ዓብደልቃድር ዓብደልሓይ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኣካላት ከምዝድሊ ጠቒሱ፡ ዝ. ብኣሉታ ዝጸልዉ ረቛሒታት ብምእላይ ብወሃደት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ካልእ ዜና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ ብዝወሰደ ዝተሰላለየ ሞያዊ ስልጠና ዝቐሰሙ 135 መንእሰያት፡ ብ17 ሓምለ ተመሪቖም።

እቲ ትምህርቲ፡ ሞያታት ምዝርጋሕ መስመራት ኤለክትሪክ፡ ደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ፡ ስጉጸባቓ ገጽን ጸጉሪ ርእሲን ዝጠቓለለ ምንባሩ፥ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ጀማል ኑር ሓቢሩ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣቶ ቴድሮስ ወልደሃይማኖት ድማ፡ ስልጠንኦም ረኺቦምዎ ብዝለዉ ዕድል፡ ኣብ ከባቢኦም ናይ ስራሕን ለውጥን ኣርኣያ ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ንስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ዝጐድኡ ልምድታት



ሰብነትና፡ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ንኸይጥቃዕ ዝከላኸለል ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና እዩ። ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና - ንዋህዮታት፡ ከሚካላት ሰብነት፡ ቲሹታትን ኣካልን ዝሓቁፍ መርበብ እዩ።

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ዕማም ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም፡ ሰብነትና ካብ ረኽሲ ምክልኻል እዩ። ንባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ዕሲን ዘይንቡር ዋህዮታትን ብቐሊሉ ኣለልዩ ከም ዝጠፍኡ ይገብር።

ሕማም ክስዕቡ ዝኽእሉ ደቀቕቲ ታህዋስያን ናብ ኣካላትና ምስ ዝኣትው፡ ሰብነትና ጸዓዱ ዋህዮታት ልኢኹ፡ ረኽሲ ከይፈጥሩ ይከላኸሉዎም። ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ነቲ ጓና ታህዋስ ብዝቶኾ ብዘለልየሉ እዋን፡ ጸረ-ረኽሲ ብምፍራይ ይከላኸሉ። ሕማም ንዘከላኸል ስርዓት ሰብነትና ድማ ከም ዝቅሕ ይገብሮ።

### ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ዝጎድኡ ሕማቕ ልምድታት

ብዙሓት ሰባት ጥዕናኦም ብዘዮዮኡ ንምሕላው ሸለልትነት ከርእዩ ይረኣዩ እዮም። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘጋጥሙና ከም ነዊሕ ዝጸንሕ ሰዓል፡ ድኻም ድቃስ፡ ተደጋጋሚ ድኻም፡ ቀጻሊ ሕማም ርእሲ ብኣዘውትሮም ሕማቕ ልምድታት ዝሰዓቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እተካይዶ ስርሓት፡ እተዘውትሮ ልምድታት፡ እትወስዶም መግብታት ግቡእ ምክትታል ዘይትገብር እንተኾንካ ናይ ምጽዋር ዓቕምኻ ዝተሓተ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኾኑ ናይ ደገ ተጻብኦ ንኣካላትና ከየጥቅዕዎም ንምክልኻል ዝሕግዝ - ኣገዳሲ ኣሃዱ ኣካላትና እዩ። ድኹም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ዝተጠቕዑ ይኾኑ። ንናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሰብነትና ዘዳኽሙ ገለ ልምድታት ንምጥቃሱ፡-

* ምትካኽ፡- ምትካኽ ዋላ ካልኣይ ደረጃ ኣትካኽቲ ዝበሉ ሰባት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓልዑ ምዃኖም ሓቅዩም ይገልጹ። እዚ ድኹም ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ብምዃኖም እዩ። እቲ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ልምዲ ብኣጋኡ ክቋረጽ እንተዘይተኻእሉ ንዝተፈላለዩ ሕማማት መንሸሮ የቃልዑ።

* ኣልኮላዊ መስተ፡- ኣልኮል፡ ቀንዲ ዕማም ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሰብነትና ናይ ምህናው ባህሪ ኣለዎ። ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሕማም ክስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያን ቫይረስን ዝኣመሰሉ ናይ ደገ ተጻብኦ ዝወቕዑ ዓይነት ዋህዮታት እዮም። ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ተሀልኽ እንተኾንካ፡ ዝውሓደ ጸረ-ጓና ኣካል ክትውንን ትግደድ፡ በዚ ድማ ብቐሊሉ ብሕማም ትልከፍ።

* ውሑድ ምድቃስ፡- ኣካላትና ብዘፍጥሮኡ ባዕሉ ናይ ምጽጋን፡ ብሓደሽ መንፈስ ናይ ምሕዳስ ባህሪ ኣለዎ። ሰብነትና እኹል ድቃስ ክረክብ እንተዘይክኢሉ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ምሉእ ብምሉእ ክሰርሕን ክቅሕን ኣይክእልን። ኣብታ እትሰዕብ መዓልቲ ብደገ ክመጽእ ንዘኽእል መጥቃዕቲ ድማ ኣይዳለወሉን። እኹል ድቃስ ዘይረኽበ ሰብ ንዱጥ ጸረር ጸረር ከብልን ሻቡ ብሕማም ሰዓል ክጥቃዕን ኣስተብሂልኩም ትፈልጡ ዶ? እኹል ድቃስ ዘይምርካብ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ከም ዝዳኸም በዚ ብቐሊሉ ክንርዳእ ይከኣል።

* ንነዊሕ ሰዓታት ስምዒታት ጸቕጢ ምርኣይ፡- ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ፡ ምስቲ ዝተዛዘየ ህይወት ዝመርሕ ሰብ ክነጻጸር እንከሎ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብ20 ሚእታዊት ዝተሓተ ከም ዝኾነ ሕክምናዊ ጽብጻባት ከጸናዕዎ ክኢሎም እዮም። ንነዊሕ እዋን ስምዒታት ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ ብዝተፈላለዩ ረኽሲ ብቐሊሉ ተጠቃዒ እዩ። ሓደ ሰብ ዘለዎ መጠን ጸቕጢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ እንተበጺሑ፡ ኣእምሮኡ 'ኮርቲሶል' (cortisol) ዝተባህለ ሆርሞን ብልዑል ዓቐን የፍሪ። እዚ ሆርሞንዚ ንስራሕ/ ዕማም ናይ 'ቲ' ዋህዮ (T cells) የዳኽሞ ወይ'ውን ምሉእ ብምሉእ ደው የብሎ። 'ቲ' ዋህዮ (T cells) ንኣካላትና ንዘጥቅዕ ረኽሲ ንምቅላስ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም።

* ብሕተኸው ምዃን፡- ብሕትውና እንተሓንሳብ ከም ወልፊ ክልመድ ከም ዝኽእል እዮም ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዝመልክቱ። ካብ ምስ ሰብ ብምምሕባር (socialize) ዝረኽቡዎ ባህታ፡ በይናም ብምዃን ዝያዳ ሓጎስ ከም ዝረኽቡ ገሮም ይቕጽሩዎ። ኣብ ጸዑቕ ስራሕ ብምጽማድ ወይ'ውን በይንኻ ምዃን ብምድላይ፡ እኹል ማሕበራዊ ሱታፌ ዘይብሉ ሰብ፡ ትሑት ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ከም ዘለዎ መጽናዕትታት የረድኡ።

* ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምኪያድ፡- ምውሰዋስ ኣካላት ጥዕናኻ ንምሕላው ዝሕግዝ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ። ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምኪያድ ድማ ኣካላዊ ብቕዓትካ ተናኺሙ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓላዕካ ትኸውን። ምውሰዋስ ኣካላት ዘዘውትሩ ሰባት፡ ክሳብ ብኣግሮም ምኻድ ዘይፈትዉ ሰባት ዘጠቓለለ እዩ ንሕማም ሽኮርን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ልብን ዝተቓልዑ እዮም።

* ልዑል ዓቐን ሽኮር ምውሳድ፡- ሽኮር፡ ጀርምታትን ካልኦት ታህዋስያንን ናይ ምቅላስ ዓቕሚ ኣካላትና የዳኽም። ኣብ ኣካላትና ዝሀሉ መጠን ቫይታሚን 'ሲ' ናይ ምጥቃዕ ጠባይ ስለ ዘለዎ ድማ ንሕማም ዝተቓላዕና ንኸውን። ቫይታሚን 'ሲ' ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ንምሕያል ዝሕግዝ ዝበለጸ መኣዝ እዩ።

ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም Vs ረኽሲ ዘስዕቡ ታህዋስያን

ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ኣቓዲሙ (ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ዝበረ'ውን ክኸውን ይኽእል) ናይ ዘጥፍኦም ጓና ታህዋስያን መዘኻከርውን ዘጠቓለለ እዩ። እቲ መዝገብ 'ቢ-ላይምፎሳይተስ' (B-lymphocytes) ከምኡ'ውን 'ቲ-ልይምፎሳይተስ' (T-lymphocytes) ኣብ ዝተባህሉ ክፍልታት ጸዓዱ ዋህዮታት ደም እዩ ዝዕቀብ። እዞም ዓይነታት ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ናይ 'ዝኽረት ዋህዮታት' (memory cells) ተባሂሎም ይጽውዑ እዮም። እዚ ማለት እቲ ሕማም ዝፈጥር ጓና ታህዋስያን ዳግማይ ናብ ሰብነትና ምስ ዝኣቱ፡ ተቐላጢፉ ኣለልዩ ከጥፍኦ ይሕግዞ።

ክፍልታት ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም

እቶም ቀንዲ ክፍልታት ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም፡-

* ጸዓዱ ዋህዮታት ደም

ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ካብ ኣንጉዕ ናይ ዓጽሚ ዝስርሑ ዋህዮታት ኮይኖም፡ ኣብ ምክልኻልን ተጻዋርነትን ሕማም ልዑል ተራ እዮም ዝጻወቱ። ጸዓዱ ዋዮታት ምስ ደም ተሓዊሶም ናብ መላእ ክፍሊ ሰብነትና እናኸዱ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ኣብ ምምንጫር ይሳተፉ።

* ጸረ-ጓና ኣካል (Antibodies)

ጸረ-ጓና ኣካል ኣብ ደም ዝርከብ ኮይኑ፡ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያ ንሰብነትና ከይምርዝ ኣብ ምክልኻል ይሳተፍ። ኩሎም ባክተርያ፡ ቫይረስ ይኹን ዕሲ ሕማም ዘስዕብ 'ኣንቲጀን' (antigen) ዝተባህለ ወህደት ኣለዎ። ጸረ-ጓና ኣካል ድማ ነዚ ወህደት'ዚ ኣለልዩ ንምጥፋኡ ይቃለስ፡ ኣብዚ ቃልሲ'ዚ ሓያሎ ዋህዮታት፡ ፕሮቲንን ከሚካላትን ናይ ኣካላትና ይሳተፉ እዮም።

* 'ለምፋቲክ' (Lymphatic system)

እዚ ኣካል ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም'ዚ ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ዝርከቡ ሻምብቆታት ፈሳሲ እዩ ዝቆጻጸር። ካብ ቀንዲ ስርሑ፦

 መጠን ፈሳሲ ሰብነትና ምልካዕን ምምዕርራይን፤

 በቲ ሻምብቆ ዝሓልፉ ጓና ታህዋስያን ምንጻይ፤

 ዘድሊ ናይ መንሸሮ ዋህዮታት ምእላይ፤

 ዘድሊ ስብሒ ካብ ሰብነትና መጻዩ ምትራፍን ምጉሓፍን።

* ሳልሺ (Spleen)

ሳልሺ፡ ደም ንምጽራይ እተገልግል ኣካል ኮይና፡ ንእግረ-መንገዳ ናብ ሰብነትና ዝኣተወ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ኣብ ምእላይን ምዕናውን ተገልግል።

* ኣንጉዕ ዓጽሚ (Bone marrow)

እዚ ኣብ ውሽጢ ዓጽሚ ዝርከብ ቲሹ እዩ። ኦክስጅን ናብ መላእ ሰብነትና ንምብጻሕ ዝሕግዙ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም፡ ሕማም ንምክልኻል ዘገልግሉ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ከምኡ'ውን ንምርጋእ ደም ዘገልግሉ 'ፕላትሌስ' ኩሎም ካብ ኣንጉዕ ዓጽሚ እዮም ዝፈርዩ።

* 'ቲይመስ' (Thymus)

'ቲይመስ' ኣብ ዓጽሚ ክሳድ ዝርከብ ጸኪ እዩ። ናብ ሓንጎል ዝበጽሕ ትሕዝቶ ደም ንምጽራይ ድማ ይሕግዝ።

ረስኒ (Fever)

ረስኒ ምልክት ናይ ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና እዩ። ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ናብ ሰብነትና ንዝኣተወ ታህዋስያን ኣብ ዘጥቅዓሉ እዋን መቐት ሰብነትና ክወሰኽ ንቡር እዩ። እቲ ምውሳኽ መቐት ሰብነት ንባዕሉ፡ እቶም ታህዋስያን ክሞቱ ስለ ዝገብር ካልእ ኣገባብ ምክልኻል ሕማም እዩ።

ኣገባብ ነፍሰ-ምክልኻል ሕማም

ኣካላት ወዲ ሰብ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ መጥቃዕትታት ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ ዝርከብ። ኣካላትና ዕምርና መመላእታ ዝዀም ሕማማት ኣብ ምክልኻል፡ ምስ እንጥቃዕ ድማ፡ ኣብ ምጽዋርናን ምጥፍኦምን ምስ ተጸምደ እዩ። ሰብነትና ሕማም ንምክልኻል ናይ ተፈጥሮ ጥበብ (መካኒዝም) ኣለዎ - 'ዲፈንስ መካኒዝም' (defense mechanisms) ይበሃል። እዚ መከላኸሊ ጥበብ'ዚ ናብ ክልተ ይምቀል፡-

* ዘይንጹር/ዘይምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (non-specific defense mechanisms)፡

* ንጹር/ ምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (specific defense mechanisms)፡

ዘይንጹር መከላኸሊ መካኒዝም ኣብ ዝተወሰኑ ሕማም ወይ ጉድኣት ዘውርዱ ጓና ታህዋስያን ዝተሓጸረ ኣይኮነን። እዚ መካኒዝም እዚ'ውን ንባዕሉ ክልተ ዓይነት እዩ - ቀዳማይ መስመር መከላኸሊን ካልኣይ መስመር መከላኸሊን።

=> ቀዳማይ መስመር መከላኸሊ - ቆርበት ከምኡ'ውን ልፋጫዊ መምብራና (Mucous membranes) የጠቓልል። እዚኣቶም ኣካላትና ዝኾነ ብደገ መጉዳእቲ ወይ ሕማም ከየጥቅዖ ከም ዕርዲ ይከላኸሉሉ።

ቆርበት ሰብነት

ቆርበት ወዲ ሰብ እቲ ዝተረረ ላዕለዋይ ዋህዮኣዊ ሽፋን ናይ ሰብነት እዩ። እቶም ነቲ ቆርበት ኣቖሞም ዝርከቡ ብዋህዮታት ዝተሰርሑ ቀጻሊታት በበየግዚኡ ስለ ዝሕደሱ ካብ ዝኾነ ረኽሲ ክከላኸሉ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ቆርበት ዝርከቡ ጸኒታት (glands) ስብሓዊ ኣሲድ ዝኣመሰሉ ቅብኣት ስለ ዘመንጭው ዝኾነ ኣብ ደገኣዊ ኣካላትና ክዓልቡ ዝኽእሉ ታህዋስያን ከም ዝጠፍኡ ይገብር።

### ልፋጫዊ መምብራና

ልክዕ ከም ላዕለዋይ ሽፋኽ ቆርበት፡ ግን ኣገዳሲ ብዝተራቐቐ ኣገባብ፡ እዚ ልፋጫዊ መምብራና ኣብ ስርዓተ እስትንፋስ ኣካላትና ዝርከብ ኮይኑ ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና ክኣትው ንዝኽእሉ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ንምክልኻል ይሕግዝ። ኣብ መናድቕ ስርዓተ እስትንፋስ ኣካላትና ልፋጭ ከመንጭው ዝኽእሉ ዋህዮታት ኣለዉ። እዚ ልፋጭ'ዚ ደቀቕቲ ህይወታውያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ከይኣትው ኣጻዊዱ ይሕዞም።

=> ካልኣይ መስመር መከላኸሊ - ውሽጣዊ ኮይኑ ንሱ 'ለትሳይት'ን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ሕማም ዝከላኸሉ ፕሮቲናት የጠቓልል።

ንጹር መከላኸሊ መካኒዝም - እዚ ኣብ ትሕቲ ነፍሰ-ተጻዋርነት (immunity) ዝብል ቃል ዝጥርነፍ እዩ። ስርዓተ ተጻርነት ሕማም (immune system) እዩ እምበኣር እቲ ሳልሳይ መስመር መከላኸሊ እዩ ዝጥቀስ።

= ሳልሳይ መስመር መከላኸሊ - ማለት 'ስርዓተ ተጻዋርነት ሕማም'፡ ንዝተሰጽሩ ብደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና መጥቃዕቲ ንዝፍጽሙ ዝተፈላለዩ ብዓይንና ዘይረኣዩ ህይወታውያን ንምክልኻል ዘገልግል መካኒዝም እዩ።

ጸረ-ጆን (antigen) - ናብ ውሽጢ ሰብነትና ኣትዩ ሕማም ዘስዕብ ጓና ኣካል እዩ። ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ሓደ ካብቶም ዝ ጓና ኣካል ኣለልዩ ንምክልኻሉ ጻዕርታት ዘካይድ መከላኸሊ መካኒዝም እዩ። እቲ ጸረ-ጆን መርዚ፡ ቫይረስ፡ ባክተርያ ወዘተ ክኸውን ይኽእል። ስርዓተ ምክልኻል ሰብነትና እቲ ጸረ-ጆን እንታይ ዓይነት ምዃኑ ቀልጢፉ ኣብ ዘለልየሉ እዋን ድማ ንምጥፍኡ ተቐላጢፉ መጥቃዕቲ የካይድ።

ምንጪ፦ ideadigezt

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ባህሪ ስነ-ጥበብ

2ይን መወዳእታን ክፋል

ምዕባለ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠታት ንጕበራውን ሞያውን ኣገዳስነት ስነ-ጥበባት ከም ዝደረቶ'ዩ ዝግለጽ። ምናልባት ከኣ ከም መልሰ-ግብሪ ናይዚ ተርእዮ'ዚ ይኸውን ክልሰ-ሓሳባት ስነ-ጽባቐ ዝፈለቐ። እቲ ንስነ-ጥበበኛ ከም ነብዪ ወይ ቀሺ ዝርኢ፣ ሰረቱ ኣብ ሮማንስያዊ ክልሰ-ሓሳብ ዝሰረተ መረዳእታ፣ "ስነ-ጥበብ ንስለ ስነ-ጥበብ" (arts for art's sake)፥ ዝብል ኣብ መወዳእታ ዘመን ቪክቶርያዊ መዋእል ዝተራእየ ምንቅስቓስ፥ ኣብ ልዕሊ ትሕዝቶ ስነ-ጥበብ መሪሕ ቦታ ሓዘ። በዚ ድማ፥ እንደገና ንኣመት ናይቲ "ስነ-ጥበብ" ዝብል ኣምር ለወጦ። ስነ-ጥበባት፥ ንዓለም ክንግገዝእ ዘገልግል ኣካል፥ ኣገባብ ወይ ኩነት ዘይኮነ፥ ብጆኦ-ርእሶም ወሰንቲ ኩይናም ከም ኣገደስቲ ኣገባብ ነበሩ። ርእሶም ክኢሎም ድማ ቆሙ። ዋልተር ፓተር ዝተባህለ ስነ-ጥበበኛ፥ "ኩሉ ጥበባት ኣብ መዚቃ ምሕር ባህጊ ኣሕደረ" ክብል ገለጸ።

ምስ ግዜ እቲ መለኽዒታት ይምዕብልን ይቐየርን። ተራቓቕ (abstraction) - ወጽኢ ቅርጺ - መገምገሚ ብቐዓትን ኣብ ማእከል 20 ክፍለዘመን ዕዮታት ስነ-ጥበብ ዝምዝሉ ቀንዲ ረቛሒን ኮኑ። ዝኸፋ ርቀት ዘይብሉ ዕዮ ድማ ከም ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ኣይቀኣጸርን። ርቀት ብኸሉ መዳያቱ ተባሂጊን ቀንዲ መለክዒን ብምኻን ጸምበለል በለ። ዕዮታት ጥበብ እምበኣር፥ ዀብራቕ ክዉንነት ጥራይ ዘይኮኑ፥ ብዝተራቐቐ ኣገባብን መንገድን ዘንጸባርቕዎ ደኣ ኾኑ።

እዚ ምርቓቕ'ዚ ምስ ፈለቐ፥ ጉያ ናብ ተራቓቕ ዕዮ ስነ-ጥበባት፥ ኣብ ቀዳማይ ክልተ-ብሶ ናይ ማእከል ዕስራ ክፍለዘመን ብቐልጢፍ ናህሪ ተራእየ። ኣብ ማእከል 19 ክፍለዘመን ዝተራእየ ፈዋናይ (ኣቫን-ጋርደ - avant-garde) ዝተባህለ ምንቅስቓስ፥ ኣምር ኽኣሳን ምዕባለን ካብቲ ዝምዕበል ዝነበረ ኢንዱስትሪ ቴክኖሎጂ ብምውሳድ፥ ገለ ስነ-ጥበባት ካብቲ ካልእ ናይ ግድን ዝያዳ ዝማዕበለ ክኸውን ኣለዎ ዝብል መረዳእታ ኣማዕበለ። ክልሰ-ሓሳብ ኣቫን-ጋርደ - ኣብ ታሪኻዊ ኣመዓብላ ስነ-ጥበባት ካብ ሮማንቲካዊ መዋእል ክሳዕ መወዳእታ ማእከል ዕስራ ክፍለዘመን ዓብላሊ ሓሳብ ዝነበረ - ንፍሱ ብዝበለጸ ኣብ ተራቓቕ ገለጻን ረኸበ። ምርቓቕ ከም ኣካል ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ዓቢ ቦታ ዝሓዘን ንዥን እናኾነ ድማ ከደ። በዚ መዳይ፥ ማሰረታዊ ጭኢታታት ቋንቋ ስነ-ጥበባት ብምድህሃስ - ናይ ቅብኣ ወይ ግጥሚ ወይ ድራማ - ንስነ-ፍልጠታትን ቴክኖሎጂን ይመስል ወይ ይቕይዕ ነበረ። ሓደ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ዝያዳ ዝተራቐቐ ምስ ዝኸውን፥ ብዝያዳ ኑዩም ሰረታት ዝገልጽ ክኸውን ይግባእ ዝብል መረዳእታ ድማ ማዕበለ።

ኣብ 1920ታት ዝተራእየ "ዳዳ" ዝተባህለ ምንቅስቓስ ነዚ ምዕባለ'ዚ ኣላፊኡ ወይ ኣላገጹ ናብ ህዝቢ ኣቕረቦ። እዚ ግለዛ (parody) እዚ፥ ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ ዕዮ ስነ-ጥበብ ናይ መፋርቕ ዕስራ ክፍለዘመን ኣቃልሐ። እዚ ድማ ነቲ ዝጸንሐ ናብ ረቂቕነት ዘድሃበ ናይ ኣቫን ጋርደ ቃልሲ መኸተምታ ፈጠረሉ። ናይ ሳሙኤል በኬት ኣርብዑሰከንድ ዝምንወሑ ድራማታት (ወይ ከኣ ዓርተዚገጹዩም ድርሰታት)፥ ናይ የሴፍ ኣልበርት ፈተኑሕብረታት ዘዩደለም ስራሓት፥ ናይ ጆን ከጅ ደምጺ ኣልቦ ናይ መዚቃ ዕዮታት ከም ኣብነት ይጥቀሱ። ንስነ-ጥበብ ናብቲ ኣዝዩ ዝተሓተ ኳንታ (quanta) ምውራድ፥ ኣብ ልዕሊ ኢደካምሓብ እቲ እንኮ ካልእ ኣማራጺ ናይ ስነ-ጥበበኛታት ነበረ። ቅርጺታት ስነ-ጥበብ ዳሞማይ ንምህናጽ ከኣ ከም ብሓደሽ ሀ ኢልካ ምጅማር ኮኑ። እዚ ሓደሽ ጽመራ'ዚ ብዕቱብ ኣገባብ ኣብ 1960ታት ጀመረ። እቶም ናይ ኣቫን-ጋርደ ተራቀቕቲ፥ ናይ መወዳእታ ሓንቲ መጻወቲት ካርድ ነበሩዮም፤ እቲ ኣብ 1970ታት ዝተራእየ ኣምራዊ ምንቅስቓስ ስነ-ጥበብ፥ እዚ ንዕዮታት ስነ-ጥበብ ብመሰረቱን ብሓፈሻን ብምእላይ፥ ነቲ ሓሳብ ጥራይ ንድሕሪቱ ሓደገ።

መኸተምታ ናይቲ ረቂቕነት ዝፈጥሮ ኣቫን ጋርደ ናይ ተደስቶ፥ ምስ ምምጻእ ፖለቲካውን ቀነጠባውን ባህሊ ኣብ ሓደ እዋን ተኸሰተ። ገዚ ገዚ'ዚ፥ ነቲ ግጉይ ወይ ፍርሺ እምነት ግእጋስ ብምድህሃስ፥ ኣብ ቦታኡ ክልሰ-ሓሳብ "ሰኩን ኩነት" (steady-state) ናይ ህላወ ኣማዕበለ። ካብ ኣጠማምታ ማእከል 21 ክፍለዘመን፥ ልዕሊ ፖለቲካን ቀነጠባን ስነ-ጥበብ ነቲ ምስጥጋር ኣቀላጢፉዎን ኣቃሊልዎን'ዩ ክበሃል ይከኣል።

ወሰኽ ፍጥነት ኣብ ረቂቕነት፥ ብርግጽ ኣብ ማእከል ዕስራ ክፍለዘመን ኣብ ታሪኻዊ ምዕባለ ስነ-ጥበባት እቲ ቐንዲ ረቛሒ'ኳ እንተ ነበረ፥ ንሱ ንበይኑ ጥራይ ግን ኣይነበረን። እቲ ዝ ስነ-ጽባቐ ዝብድህ ቀንዲ ሓይሊ፥ እቲ ኣብ ልዕሊ ፖለቲካዊ ገጻት ስነ-ጥበባት ዘሎና ቐጻሊ ኣስተብህሎ ዝፈጥሮ እዩ። እዚ ማለት፥ ስነ-ጥበባት በቲ ኣብ ሓደ ከም ዝህልዎም ሰረትን ቅርጺ ሕብረተሰብ ኣብ ምግላጽ ብዘለዎም ሓይልን ይግለጹ ማለት'ዩ።

ኣብ ምዕራባዊ ባህሊ፥ እዚ ቕርጺ ሕብረተሰብ ናይ ምግላጽ ሓይሊ'ዚ (ብኸምኡ'ዩም ጥንታውያን ሰባት ንታሪኽ ማዕረ መዚቃ ክስርዕዎ ዝኸኣሉ) ምስቲ ናብ ተራቓቕ ዝመርሐ፥ ስነ-ጽባቐኣዊ ድርኺትን ነዊሕ ዝጸንሐን ክቡርን ታሪኽ ምስትእስሳር ኣለዎ። ኣብ 1970ታት ተራቓቕን ቅኑዕን ኣብ ስነ-ጥበብ እናሃሰሰ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፥ ፖለቲካዊ መዳይ ስነ-ጥበብ - ማሕበራዊ ባህርያቱ - ኣገዳስነቱ መሊሱ እናዓዘዘ ኸደ። ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን፥ ዝጠዝሉ ካብ ዓይነታት ስነ-ጥበብ፥ እቲ ህቡብ ፊልም ሓዊሱ፥ ኣብ ንጉዳዊ ዓንኬል ማእከል ዝነበሩ እዋን ሰዓበ። ኣብ ዝጠዝለ ዘመናዊ ስነ-ጥበባት፥ ብርግጽ ኣብ ፖለቲካውን ማሕበራውን መዳዩ እናዓዘዩ ይኸይድ ምህላዉ ርጉጽ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ጽልዋ ዝተፈላለዩ ዘመናዊ መዚቃ፥ ምዕንጋብ ዘይልቢ-ወለዳዊ ፊልምታት፥ ብደርጋዕት ዝቖጻር ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ቻትላት፥ ከምኡ'ውን ኣብዚ ህቡብ ዘሎ ሰውራ የትዩብ ኹሩ ክርኢ ይከኣል። እንተኾነ፥ እቲ እዚን ስነ-ጥበባት ዘንጸባርቓኦ ፖለቲካ፥ ካብቲ ኣብ 1970ታት በጺሑዎ ዝነበረ ደረጃ ንላዕሊ ብዙሕ ኣይሰጉመን። ከምቲ ናይ ሽዑ ሕጂ'ውን ተመሳሳሊ ዛዕባ'ዩ ዘሎ - "ነቲ መልእኽተኛ ኣይትቕተሎ" (ነቶም ስነ-ጥበበኛታት ከኣ ኣይትወንጅሎም)። እቶም ስነ-ጥበበኛታት ኣቫን ጋርደ መጻልቱ ከም ዝሓለፈ ተረዲኦምን ተቐቢሎሞን እንክለው፥ እቶም ፖለቲከኛታት ግን ክሳዕ ሕጂ ካብ ጽግዕተኛነት ናይቲ ንመገት ኣቫን ጋርደ ዝቕልብ 'ኢጋማዊ-ዩማናዊ' ስነ-መገት ነፍሶም ሓራ ኣየውጽኡዎን።

ስለዚ፥ ኣብ ስነ-ጥበባት መመለሱ ዝዓቢ ፖለቲካ ኣሎ - ብዙሕ ዘይተራቐቐ ፖለቲካ። ብዘወሳኺ፥ ካብ መፋርቕ-1970ታት ጀሚሩ ኣብ ቴክኖሎጂ ስነ-ጥበባት ዝተራእየ ሓደሽ ምዕባለ፥ ነቲ ብዙሕ እንጸበዮ እናተሓደሰ ዝኸይድ ኣገዳስነት ስነ-ጥበባት ዓብለሎን ኣመዝበሎን። እዚ ቴክኖሎጂ'ዚ ድማ ኣብዘን ዝሓለፋ ሚእቲ ዓመታት ንታሪኽ ስነ-ጥበባት ካብ ዝወሰኑ ቀንዲ ጠንቂታት ማእከል ሳልሳይ ይሰርዕ።

ብመሰረቱ እቲ እንኮ ስነ-ጥበብ እተፍርዮሉ መንገዲ "ክዉን እዋን" (real time) ነበረ፤ እቲ ደራፋይ ደርፊ ደረፈ፥ እቲ ኣዘንታዊ ዛንታ ኣዘንተወ፥ እቶም ተዋሳእቲ ነቲ ድራማ ተዋሰእዎ። ከም ዘለዎን ብዘቖለለ ክትርድኦ እትኽእልን መንገዲ። ኣብ ቅድመ-ታሪኽ ዝተራእየ ናይ ኣሰኣእላን ኣጸሓሕፋን ምዕባለ ኣብ ስርዓት-ዝርጋሐ ሓበሬታ ዓቢ ዝላ ኣርኣየ። ኣሰኣእል ክስዕዱ ተኽእሉ፥ ዛንታታት ደሓር ከም ዘለውዎ ክንገሩሉ ብዘኽእሉ መንገዲ ክዕቀቡ ከኣሉ። ነቲ ዝሓለፈ ኣሽሓት ሸውዓተ ሽሕ ዓመታት ታሪኽ ስነ-ጥበባት፥ ብቐንዱ ድማ ታሪኽ ናይዘን ክልተ ቐንዲ ሚድያ እዩ ዝነበረ፤ ናይቲ 'ስእላውን ጽሑፋውን' ጥበባት። ድሕሪ ቓላዊ ምዃኑ፥ መሰረት ናይቶም ጥበባት ብቐንዱ ስእላዊ ነበረ። ሰባት ብስእሊ ጥበብ ናብራ፥ ኩነታት መንበሮ . . . ወዘተ'ዉን ክገልጹ ጀመሩ። ብድሕሪኡ፥ ጽሕፈት ምስ መጸ፥ ዛንታታቶም ብጽሑፍ ሰነዱ። ካብኡ ድማ ዝተፈላለየ መልክዕን ኣገባብ ዘለዎ መግለጺ ጥበባትን ኣማዕበሉ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ዝተባህለ እቶም ስነ-ጥበባት ቅርጾምን መልክዖምን እናፈለዩ፥ ኣብቲ ዝተወሰኑ ዓውዲ ተራቐቑ። በበዓውዱ ድማ ብልሂታት ተፈጥሩ።

ምምዕባል ዘቕረጽ ሚድያ (ብደምጺ፥ ዝምሳእ)፥ ብታሪኻዊ ዓይኒ እንክርኣ ኣብ ዕቤት ስነ-ጥበባት ማዕረ'ቲ ቅድሚ ሸውዓተ ሽሕ ዓመት ዝተማህዘ 'ጽሕፈት' )ፊደላት) ኣገዳሲ እዩ። ካብ ሽዑ ጀምሩ ብዝተራእየ ቕጽሊ ምዕባለ፥ ፎቶግራፊ፥ ፊልምን ምቕራጽ ደምጽን ብዛዕባ ንታሪኻዊ ኣረኣእያና ፍጹም ለወጥዎን ንምዕባለ ስነ-ጥበባት ሓደሽ ሓይሊ ሃቡዎን።

እቲ ወተሃደራዊ ዝበሃል ስነ-ጥበባት፥ ን"ዳግመ-ምፍጣር" ናይ ክስተት (phenomena) ክዉን ገበሮ። እንተኾነ፥ ዝተሓላለኸ ባህሪ ቋንቋ ሓተተ። ቋንቋ ብዮጊዲኡ፥ ብውልቀ-ሰባት ተዘናብዑን ዝተፈላለየ ትርጉም ሓዘ። ስለዚ፥ እቲ ናይ ምርጫ ጭኢታ፥ ኣብ ወተሃደራዊ ስነ-ጥበባት ኣዝዩ ኣገዳሲ ጭኢታ ኮነ። እዚ ጭኢታ'ዚ ድማ ምንጪ ናይ ዝጠዝለ ኣብ ስእላውን ጽሑፋውን ስነ-ጥበባት ዘሎ ስነ-ጽባቐ ኮነ። ኣብ ስነ-ጽባቐ ንዝዋግዮሱ ዘገድስ በቲ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ 'እንታይ ተባሂሉ' ዘይኮነ 'ብኸመይ ተባሂሉ' እዩ። እቲ ኣገባብ ኣበሃህላኡ ጽባቐን ፍሉይነትን ምስ ዝህልዎ፥ ካብቲ ተራ ኣበሃህላን ኣቀራርባን ተፈልዩ ስነ-ጥበባዊ ባህርን ክብርን ይሕዝ።

ብምጽጻር፥ ዘቕረጽ (ዝምሳእ) ስነ-ጥበብ ኣብ መንጎ'ቲ ሃብታን እቲ ዝዕዙዝን ዝያዳ ቐጥታዊ መስመር ምብህዛል ይፈጥር። ተመሊኦም ዝዝርግሑ ዕዮታት ስነ-ጥበብ ናይ ጕእ-ርእሶም ቅጥዕን ኣገባብን ኣለዎም። ሓደ ፊልም ወይ ዝምሳእ ደምጺ ምስ ብምስእ ሓቀኛ ክዩክውን ይኽእል'ዩ። እንተኾነ፥ ቋንቋ ናይ ተመሊኡ ዝርኣ ዕዮ ምስ ስእላውን ጽሑፋውን ቋንቋ እንክወዳደር፥ ዝያዳ ቐጥታውን ንጹርን እዩ። ብዙሕ ግዜ ታሪኽ ዝምሳእ ስነ-ጥበባት ክሰዕ ቀረባ እዋን፥ ናብ ዝለዓለ ሓቂ-መሰልነት ገጢሱ እዩ። ሕብራዊ ፊልም ካብ ጸለምን ጻዕዳን ፊልም ንላዕሊ ዝያዳ ናብ ክዉንነት ይቐርብ፥ ደምጺ ዘለዎ ፊልም ካብቲ ደምጺ-ኣልቦ ዝያዳ ናብ ሓቂ ይቐርብ፥ ወዘተ. እቲ ኣብ ስነ-ጥበባት ዝተራእየ ደረጃ ዕቤት፥ ኣብቲ ሓደ ዘለ ኣብቲ ሓደ ከም ዘሎ ብምግባር ንጽባቐን ንጸረን ዝተፈላለየ ምህዞ ሓሊፉ'ዩ። ደምጺ ኣልቦ ፊልም ኣብ እዋኑ እቲ ዝበለጸ ምህዞ እዩ ነይሩ። ደምጺ ምስ ተወሰኸ ድማ ዝያዳ ናብቲ ዝለዓለ ብልጸት ሰጊሩ። እቲ ዘሎ ኣብ ግዜኡ ይሃዝ፥ ሓደሽ ነገር ምስ ተወሰኸ ድማ ነቲ ይኸውን። እቲ ጥበባዊ ጽባቐኡ ዘለዎ ግን ሞይቱ ኣይመውትን። ናይ ቻርሊ ቻፕሊን ደምጺ ኣልቦ ዕዮታት፥ ንኣብነት፥ ድሕሪ ኣብ ዕዮታት ፊልም ደምጺ ምምሳዙ'ውን ዝፍኡን ክብሩን ዓቂቡ'ዩ።

እቲ ኣብ ማእከል ምዕባለ ዓውዲታት ስነ-ጥበባት ዝተራእየ ምቅይያራት፥ ከም ኩሉ ኣብ ዓውዲታት ፍልጠት ዝተራእየ ፍልቀት'ዩ ዝቖጻር። ኣብ ፈለማ ኩሎም ፍልጠታት "ፍልስፍና" ይበሃሉ ነይሮም። ኣብ ማእከል ግን ዝተፈላለየ ዓውዲ ተፈልዮም ማዕበሉን ናይ ጕእ-ርእሱ ፍልስፍናዊ ኣጠማምታ ከም ዝሕዝ ኩይኑ። ስነ-ጥበባት፥ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝረኣናዮ፥ ካብቲ ሰፊሕን ምስ ዝተፈላለየ ዓውድን ተጣሚሩ ዝግለጸሉ ዝነበረ እዋን ነፍሱ ሓራ ገይሩ ወዱን ቅርጺ ሒዙ'ዩ። ሓደን ዘቐጻሙን ምስሊ ግን ክሕዝ ኣይክእልን። ኣብ ወሽጢ'ቲ ስነ-ጥበባት ዝተፈላለየ ቅዲ፥ ጭኢታታት፥ ዓይነታት፥ . . . ማዕበልዎን ምስ ግዜ ይምዕበሉን እዮም።

በዚ ኹይኑ በቲ፥ ዓውዲታት ስነ-ጥበብ ጽባቐ ማእከል ገይሮም፥ ፈጠራውነትን ማብቁዓውነትን ምስ ዝህልዎም ዕወታት ዕዮታት ጥበብ ይበሃሉ። ኣብቲ ኩሉ ዝተሓለፈ መስርሓት፥ ጽባቐ ዓንዲ-ማእከል ናይቲ ዓውዲ እዩ። ጽባቐ ግን ብዓይኒ ረኣይኡ እዩ ዝብል ህቡብ ምጉት ኣሎ። "ኣልገርድ ፈ ዔን ኣሙ ቅንል" (ህበይሲ ብዓይኒ ኣዲኡ ጨሊብዱ እዩ) ምኻኑ'ዩ። እቲ ነጥቢ፥ እቲ ኽፉእ'ውን ወጽኢት ስነ-ጥበብ ንኽኸውንሲ 'ጽቡቕ ክፉእ' ክኸውን ኣለዎ። እቲ ክፉእ ብጽባቐ ክኸፍእ ኣለዎ።




ሰናይ ተግባር ንርኣዩለይ ዘይኩነስ ልባዊ ክኸውን ኣለዎ።

## ደሃይ ስነ-ጥበባት

### ደሃይ ሕትመት

"ኣታኽልቲ መዓርግ" ዘርእስታ ብእስቲፋኖስ ደብረጽዮን ዝተደርሰት፥ ባህሊ፥ እምነት፥ ኣተባብራ፥ ወዘተ. እትገልጽ መጽሓፍ ኣብ ኣደራሽ ዳሮ ሃማመተኤ ምስ ተሳተፍቲ ተሓልያ። ኣብቲ ኣብ ግንቦት 2023 ዝተኻየደ መደብ ዕዱማት ኢጋይሹ በቲ-ሰብ ደረሲ ኣብ ዝተረኽበሉ ምስ ትሕዝቶ መጽሓፍ ዝላለ ምስትምቓርን ገምጋምን ቀሪቡ።




### ኣደ-ጥበባዊ ምርኢት

ብማሕበር ስነ-ጥበበውያን ደቀንስትዮ ዮካ ማእከል ዝተዳለወ ምርኢት ኣደ-ጥበብ ኣብ ቀጽሪ ሲነማ ኣዝመራ ንህዝቢ ክፉት ኩይኑ ቐንዩ። ኣብቲ ብዝተፈላለያ ደቀንስትዮ ኣባላት ማሕበር ተዳልዩ ዝቐረበ ስርሓት ኣደ-ጥበብ፥ ንባህልን መንነትን ኤርትራ ዝገልጽ ብርክት ዝበለ ፍርያት ንምርኢትን መሸጣን ቀሪቡ ከም ዘሎ ኣወሃሃድቲ ናይቲ መደብ ገሊጸን።

እዚ ካብ ዝተፈላለየ ናይ ወሽጢ ዓዲ ጥረ-ነገራት - ሓመድ፥ ላኻ፥ ቁርበት፥ ዑንቂ. . . - ዝተሰርሐ ወጽኢት ኣደ-ጥበብ'ዚ ኤርትራዊ ማዕቆል ዘለዎ ኹይኑ፥ ኣብዚ ብዝበዝሐ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም መጺኦምሉ ዘለዉ ክራማት ምኽያዱ ምስ ፍርያት ኣደ-ጥበብ ሃገሮም ንምልላይ ዝሓለመ ምዃኑ ወደብቲ ናይቲ ምርኢት ብተወሳኺ ይገልጻ።

ንደቂ ሃገር ይኹን ንጻሕቲ ሃገር ወጻኢተኛታት እኹል መብቑዓዊ ህያባት ተዳልዩ ከም ዘሎ ዝገልጻ እዘን ኣካየድቲ፥ ኣቐዲመን ኣብ ወሽጥ ሃገርን ኣብ ወጻኢን ዝተፈላለየ ተመሳሳሊ ምርኢት ከም ዘካየዳ ገሊጸን።



# ሸባብ

ሃማመተኤ


ሓሳባት

## ምችእቲ ስፍራ ንምፍጣር

### ኣደ ኣግራብ ዝተሰምየት ዳል 105 ዓመት ህንዳዊት ኣደ

ውላዱ ሓቑፉ ክስዕም ንዝብህግ ሰብ፡ ውላድ ዘይምህላው ልቢ ዝሰብር ክስተት'ዩ። ኣብ ሓንቲ ካብ ገጠራት ህንዲ እትቕመጥ ሰበይቲ፡ ናይ ዘይምውላድ በሰላ ካብ ስድራቤታን ሕብረተሰባን ክትንጽል ገዲድዋ። እንተኾነ ሳላማሩዳ ቲማካን ብዓልቤታ ቢካላ ቺካያን ድሕሪ 25 ዓመታ ናይ ውላድ ኣልቦ ግዝያት ምሕላፎም፡ ነቲ ዘጓነፎም ብኻልእ መልክዕ ክሰግርዎ ኣንቂዶም። ኣብ 1950ታት ድማ ንሳን ብዓልቤታን ብምኳን ካብ ዓዶም ሁሊካልን ተበጊሱ ክሳዕ ጎረቤቶም ዓዲ ኩዱር ኣብ ዘሎ ርሕቀት ክንዲ ዝኸኣልዎ ገረብ ክተኽሉ ወሲኖም። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ድማ ኣብቲ ቀላጥ ዝነበረ ቦታ 284 ኣግራብ ክተኽሉ በቒዖም። ቲማካ፡ "ውላድ ኣልቦ ክኸውን ጽሕፍቶይ'ዩ። ካብዚ ተበጊስና ኸኣ ገረብ ክንተክልን ክነዕብዮን ወሲና። በረኸት ድማ ረኺብና። ነዚ ኣግራብ ልክዕ ከም ደቅና ኢና ንዕብዮ፡" ክትብል ንመደበር ተለቪዥን ሲ.ኤን.ኤን. ገሊጻ። ቲማካን ኣብዚ ሒደት ዝናብ ዝርከቦ ከባቢ ኣብ ክልቲኡ ወገን ናይቲ ጉደና ርሕቀት እናሓለወት እያ ኣግራብ እትተክል። እዛ ሰበይቲ ብዓልቤታ ብ1991 ካብዛ ዓለም ምስ ተፈለየ፡ ነዚ ናይ ምግራብ መሰርሕ ብምሉእ ዓቕማ ቀጺላቶ። ብሓፈሻ ኣብ መላእ ህንዲ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ዓዳ፡ ኣግራብ ብምትካልን ብምክንኻንን ከኣ ልዕሊ 8 ሽሕ ኣግራብ ክትተክል በቒዓ።



ቲማካ ጉድን ጉድኒ ናይ ምግራብ ንጥፈታታ፡ ኣብ ምዕቃብ ኣካባቢ'ውን ንጥፍቲ ተሳታፊት እያ።

እዚ ጻዕራ ብርክት ዝበለ ሽልማት ክትዓትርን ኣፍልጦ ክትረክብን ኣብቂዕዋ ይርከብ። ከም ዓቃቢት ኣካባቢ ክትፍለጥ እንከላ፡ ብስማ ናይ ምዕቃብ ኣካባቢ ማሕበር ክኸፈትን ኣብ መላእ ህንዲ ናይ ምግራብ ጽንብል ክካይድን ቀሲባ። ንባዕላ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ኸይዳ ዘይትፈልጥ እኳ እንተ ኾነት፡ ንዕዮኣን ጻዕራን ዝሕብር ንኽብራ ዝገልጽ ግጥሚ ዝሓዘ ዛንታ ብምስፋር ኣብ ሃገራዊ ካሪክለም ህንዲ ኣትያ'ውን ትርከብ። ንሓቀኛ ዕድሚኣ ዝገለጽ ናይ ዕለተ ልደት ወረቐት እኳ እንተ ዘይብላ ዳል 105 ዓመት በጺሓ ከም ዘላ እትግለጽ ኣደ፡ ብውጽኢት ዕዮኣ ኣዝያ ሕጉስቲ ምዃና ይሕበር። "ኲሎም ደቀይ ክርእዮም ከለኹ ኣዝየ እየ ዝሕጐስ። ነዞም ኣግራብ ብፍቕሪ ኢና እንርእዮም፡ ሕጉጉስትን ሕብንትን'የ ድማ፡" ክትብል ገሊጻ። ብናይ ከባቢኣ ቋንቋ ናይ ኣካባቢ ጅግና ምዃና ዝገልጽ ስም ክወሃባ እንከሎ፡ ናይ ዞባኣ ላዕለዋይ ሓላፊ ድማ ናይ ስነ-ኣካባቢ ምዕቃብ ዕዮኣ ቀጻሊ ክኸውን ገንዘብ ብምስላዕ ቀጻልነቱ ኣረጋጊጹ።

ናይ ቲማካ ዕዮ ብዘይ ጻዕሪ ኣይኮነን ናብዚ ፍረ ክበጽሕ ክኢሉ። ጉድጓድ ክትኰዕት፡ ካብ ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ኣግራብ ክትእክብ፡ ንሓያሎ ኪሎሜተራት እናተጓዓዘት ማይ ክተስትን ሓያል ጻዕሪ'ያ ኣሕሊፉ። "ሓደ ሓደ ግዜ ዝናብ ኣይመጽእን'ዩ። ንኣምላኽ ማይ ዝናብ ክህበና እናጸለኹ፡ ኣብ ሰሙን 4 ግዜ ማይ የስትዮ ነይረ፡" ክትብል ትገልጽ። ብዓልቤታ ክሳዕ ዝፍለያ ማይ ኣብ ምስታይን ካብ እንስሳታት ንምክልኻል ሓጹር ኣብ ምግባርን ይሕግዛ ነይሩ'ዩ። ብድሕሪኡ ግን እቲ ዕዮ ናይ በይና ኮይኑ። ሓያል ጻዕራ ማይ ኣይዕምኻን ትምነዮ ፍረ ሂብዋ። እዛ "ኣደ ኣግራብ" ዝብል ስም ዝተወሃባ ኣደ፡ ብዕዮኣ ቀጠልያ ኣከባብን ኣፍልጦን ጥራይ ኣይኮነትን ረኺባ። እቲ ክትረኽቦ ሃረር ዝበለቶ ውላድ'ውን ክትስዕም በቒዓ'ያ።

ብኣደናቒ ዕዮኣ ዝተመሰጠ ሲሪ ዩሙሽ ዝተባህለ ወዲ 14 ዓመት ቈልዓ፡ ክላሊያ ናብ ኣደ ኣግራብ ቲማካ ቀሪቡ። "ብኣተሓሳስባኣን ዝተኸተለቶ መንገድን ስለ ዝተመሰጥኩ ክረኽባ ወሲነ። ንኣገባብ ዕቃበኣ ዝምልከት ሓሳበይ ኣካፊለያ፣ ኣዝያ ተሓጒሳ። ውላዳ ክኸውን ከኣ ኣርዒማትኒ። እዚ ዘሕጉሰን ኣብ ህይወት ዘጋጥም ጽቡቕ ዕድልን'ዩ፡" ክብል ድማ ንሲ.ኤን.ኤን. ገሊጹ። ካብ ግዜ ቍልዕነቱ ኣብ ኣካባቢ ምሱጥ ዝነበረ ዩሙሽ፡ እቲ ናይ ምርዓም መስርሕ በቶም ናይ ስጋ ወለዱ ውሕስነት ተዋሂብዎ'ዩ። "ናይ ብሓቂ ክዛረብ ከቢድ ሕቶ'ዩ ነይሩ። ግን ንዓይ ሰለስቲኦም ወለደይ እዮም፡" ክብል ይገልጽ።

ቲማካን ዘርዓመቶ ውላዳን ብ2014፡ ሳላሙሩድ ቲማካ ዝተባህለ ማሕበር መስሪቶም። እዚ ማሕበር ንምዕቃብ ኣከባቢ፡ መጽናዕቲ ንዳግመ ህንጻን ምርምርን፡ ንስነ-ኣካባቢ ዝኸውን መሳለጥያ ትምህርትን ዝውዕል ናይ ልግሲ መደባት የካይድ። ብተወሳኺ እዚ ማሕበር፡ ንድኻታት ወገናት ናይ መጽለልን ካልእ መደባት ኣብ ምስላጥን፡ ንህንዳውያን ተመሃሮ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ምብርካት፡ ኣብ መላእ ሃገር ንዝርከባ ሆስፒታላት ናይ ሕክምና ቀረባትን ጽገናን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ይሳተፍ። እቲ ዘርዓመቶ ውሉዳ ዩሙሽ'ውን ኣሰራ ብምኽታል ናይዚ ዝመስረትዎ ማሕበር ፕረሲደንት ብምዃን ንጥፈታቱ የሳልስል። ዩሙሽ ንሓረስቶት ፈልሲ ናይ ምዕዳል መስርሕ'ውን ባዕሉ'ዩ ዘካይዶ። "ፈጺማ በይና ክትከውን ኣይደልን'የ፡" ብምባል ደገፉ ንወላዲቱ ይገልጽ። "ንዅሉ ሰብ ከምሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ ኣሎ፤ ሰባት ኴንና ተፈጢርና ሰባት ኮይና ኢና እንመውት። እንተኾነ ንኽነብር ንተፈጥሮ ክንዕቅቦ ኣለና። ብዘይ ኣከባቢ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና፡ " ይውስኽ ዩሙሽ። "ካብ ቈልዓ ክሳብ ዓቢ ከምዚ ንሕና ንነብሮ ዘለና ክኽንነብሩ ኣለዎም። ገረብ ካብ ምትካል ኲልና ኢና ንረብሕ፡" ብምባል ቲማካ ንናይ ውላዳ ዩሙሽ ሓሳብ ተሰምረሉ። ክልቲኦም ብሓባር ንመጻእቲ ወለዶታት ምችእቲ ስፍራ ንምፍጣር ገረብ ክንተክል ከም ዘለና ኣትሪሮም'ዮም ዝመኽሩ። ዕዮ ቲማካ ካብ ሃገራ ሓሊፉ ኣብ መላእ ዓለም ጽልዋ ክገብር ጀሚሩ'ዩ። ነቲ ቀላጥ ዝነበረ መንገዲ ዓዳ፡ ገረብ ብምትካል ሓምላይ ኣካባቢ ክትፈጥር ዝተዓዘቡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝቕመጡ ሰባት፡ "ቲማካ፡ ጺጋታት ንኣካባብያዊ ትምህርቲ፡" ዝብል መኸሰብ ዘይብሉ ማሕበር ኣብ ኦክላንድ ካሊፎርንያ ብምምስራት፡ ነተን ኣብቲ ከባቢ ዝረከባ ኣብያተ ምግቢ ናይ ስነ-ኣካባቢ ትምህርቲ ኣብ ምሃብ ይርከቡ። መንግስቲ ህንዲ'ውን ኣብ ሲቪላዊ ዕዮ ፍሉይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ዜጋታት ዝወሃብ ሽልማት፡ "ፓድማ ሺሪ፡" ክህባ ከሎ፡ ብ1995 ኣብ ኣካባቢ ንዝገበረቶ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዘድንቕ ሃገራዊ ሽልማት ኣበርኪትላ።

ሳላማሩድ ቲማካ ካብቲ ኣጋጢምዋ ዝነበረ ተነጽሎ ብምግልጋል፡ ምስቶም ባዕላ ዝተኸለቶም ኣሽሓት ኣግራብን ዘርዓመቶ ውሉዳ ዩሙሽን፡ "ኣደ ኣግራብ፡" ተባሂላ እናተጸወዐት ብሰላም ትነብር ኣላ።

ምችእቲ ስፍራ ንምፍጣር ገረብ ንትከል!

***

ምንጪ፡ CNN


ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)
እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ - ዓላ


ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ናይ ማኻጉስ ገረብ

ሱራፌል ተ.

ቀደም እዋን'ዩ፡ ሓንቲ ናይ ማንጉስ ገረብ ነበረት። ሓደ ንእሽተይ ቈልዓ ናብታ ገረብ እናመጽአ ክጻወት ይፈቱ ነበረ። ናብታ ገረብ ይሓኲር፣ ማንጉስ ይበልዕ፣ ኣብቲ ጻላላ ኸኣ ቀም የብል ነበረ። ነታ ገረብ ኣመና ይፈትዋ፣ ንሳ ድማ ከምኡ ትፈትዎ ነበረት።

ዓመት ንዓመት ተኪኡ ግዜ ምስ ከደ፡ እቲ ቈልዓ ዓበየ'ሞ ምስታ ገረብ ምጽዋት ገደፎ። ሓደ መዓልቲ ናብታ ገረብ ገጹ ከደ። ኣብ ገጹ ሓዘን ምስ ኣንበበት፡ "ንዓ'ሞ ብሓደ ንጻወት፡" በለቶ እታ ገረብ።

"ደጊም ቈልዓ ኣይኰንኩን። ምስ ኣግራብ ኣይጻወትን ሎሚ፡" በለ እቲ ቈልዓ፡ "ንዓይ ዘድልየኒ ባምቡላ'ዩ፣ ባምቡላ መግዝኢ ሰልዲ ጥራይ'ዩ ዘድልየኒ።"

"ይቕሬታ ግበረለይ ሰልዲ የብለይን። ግን ካብዚ ፍረታተይ ወሲድካ ክትሸጦ ትኽእል ኢኻ፣ ሽው ሰልዲ ይህሉወካ፡" በለቶ እታ ገረብ። እቲ ቈልዓ ተሓጐሰ። ንዅሉ ኣብታ ገረብ ዝነበረ ማንጉስ ኣውሪዱ ወሰዶ'ሞ፡ ብእኡ ኣቢሉ ኣይተመልሰን። እታ ገረብ ድማ ሓዘነት።

ድሕሪ ግዜ፡ እቲ ቈልዓ ዓብዩ እኹል ሰብኣይ ኰይኑ ተመልሰ። እታ ገረብ ምስ ረኣየቶ ኸኣ ተሓጎሰት'ሞ፡ "ንዓ'ሞ ብሓደ ንጻወት፡" በለቶ።

"ይቕሬታ ንኽጻወት ግዜ የብለይን። ንስድራይ ከዐንግል ክሰርሕ ኣለኒ። ሰበይተይን ደቀይን ዘጽልልሉ ገዛ የድልየኒ'ዩ፣ እንታይ ክትሕግዘኒ ትኽእሊ?" ክብል ሓተታ።

"ኣይትሓዘለይ ገዛ የብለይን። ግን ካብዚ ጨናፍረይ ቈሪጽካ ገዛ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡" ምስ በለቶ ኣመና ተሓጐሰ። እናተሓጐሰ ጨናፍራ ቈሪጹ ሒዙዎ ከደ። ብእኡ ኣቢሉ ኣይተመልሰን እሞ እታ ገረብ ጸመዋን ሓዘነትን።

ሓደ ክረምቲ፡ እቲ ሰብኣይ ተመልሰ'ሞ እታ ገረብ ተሓጐሰት። "ንዓ'ሞ ብሓደ ንጻወት፡" በለቶ።

"እኣርግ ኣለኹ፣ ሕጉስ ከኣ የለኹን። ኑብሰይ ንምርግጋእ ኣርሒቐ ክጅልብ የድልየኒ ኣሎ። ጃልባ ክትህበኒ ትኽእሊ ዶ?"



"ጃልባ የብለይን፡ ጉንደይ ቈሪጽካ ጃልባ ክትሰርሖ ትኽእል ኢኻ። በታ ጃልባ ጌርካ ኣብቲ ባሕሪ ከተንሳፍፍን ክትሕጐስን ትኽእል ኢኻ፡" በልቶ'ሞ እናተሓጐሰ ከምኡ ገበረ። ብእኡ ኣቢሉ ኸኣ ይተመልሰን፣ እታ ገረብ ከኣ ጕሂየትን ጸመዋን። ድሕሪ ዓመታት ከኣ ተመልሰ።

"የቕሬታ፡ ሕጂ ዘሎኒ የብለይን፣ ዝህበካ የብለይን። ማንጉስ ኣየፍርን ኣለኹ፡" በለቶ።

"ማንጉስ ዘግህጽ ስኒ የብለይን።"

"ከይትሓኹረኒ ጉንዲ የብለይን።"

"ኣሪገ'የ፡ ናይ ምሕኳር ዓቕሚ የብለይን።"

"እሞ ዝህበካ የብለይን፣ እቲ እንኮ ዘሎኒ ኣቲ ዝመውት ዘሎ ሱረይ ጥራይ እዩ።"

"ሕጂ ዘዕርፈሉ ቦታ ጥራይ'ዩ ዘድልየኒ፣ ድሕሪ'ዚ ኹሉ ዓመታት ደኺመ'የ፡" መለሰ እቲ ሽማግለ።

"ግርም! ነዚ ትብሎ ዘለኻ ሱር ናይ ኣረጊት ገረብ ዝመቸኣ'ዩ። ኅቦ ኩን፡ ኣዕርፍ፡" በለቶ። ንሱ ኸኣ ንጎቦ ኮነ በለ'ሞ ፍሽኽ በለት።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መሉእ ሕሩይ የውሃንስ ምግል ተሪፉ፡ ሙልጌታ ሕሩይ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ከሰስቲ መኣዛ ኣሲያስ ጉብረማርያም፡ ተኸሰስቲ ተስፋማርያም ኣሲያስ ጉብረማርያም፡ ሳሙኤል ተስፋማርያም፡ ኣርሴማ ተስፋማርያም፡ ያሬድ ተስፋማርያም፡ ሜሪ ተስፋማርያም፡ 1.ሳሙኤል ተስፋማርያም 2.ኣቶ ያሬድ ተስፋማርያም ንገዝነብ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኹም ማሰረታ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/9/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ብፍ/በ/ማሰል ኣዜብ መሓሪ ፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1.ተስፋይ በለጠ ረታ 2.ኣዝመራ በለጠ ረታ 3.ሰለሙን በለጠ ረታ 4.ፍረሰላም በለጠ ረታ 5.ተኸላ በለጠ ረታ 6.ቴድሮስ በለጠ ረታ 7.የውሃንስ በለጠ ረታ፡ ብፍ/በ/ዕዳ የውሃንስ በለጠ ረታ ንፈጻሚ ዝምልከት ምልክታ ኣብ ልዕሌኻ ማሰረታ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወረ/ፍ ለተንገስ ክፍሎም እምባዬ-ኣድያም ሓጎስ የማ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ኪዳ ኣሳቐ በራኺ ቀሺ ጉብረታትዮስ ኪዳ ኣሳቐ፡ ኑብያት ኪዳ ኣሳቐ ናይ ስም ዋኒት ገዛ ምትሕልላፍ ብኣድያም ሓጎስ የማ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብ ዘለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ሄኖክ ትኳቦ የውሃንስ ምግል ተሪፉ፡ ሄኖስ ትኳቦ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ባህረጼን ነጋሽ እምባዬ ምግል ተሪፉ፡ ቦኽረጼን ነጋሽ እምባዬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ሰምሃር ጸጋይ ኣማኑኤል፡ ተጸዋዒ ሓሰን ዐስማን ዓብዩልርሑም ንናይ ሞግዚትነት ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን4/10/23 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳቤጥ ኣይንለም መሃዝል፡ ጥፋእ ገለ እያሱ ሓድጉ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ሄጀት ክብረኣብ ተስፋይ፡ ስም ኣደይ ለምለም ተስፋሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ ለምለም ባህታ ካሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ከሳሲ ኣቶ ኪዳ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍጹም ሓጎስ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ ሞቶ (ሞተር ሳይክል) ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብዲት ባይረ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጳውሎስ ሙሳዝጊ፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተማናይ

ወ/ሮ ኣስመረት ተስፋሚካኤል ሃብተጽዮን፡ ኣቦና ተስፋሚካኤል ሃብተጽዮን ኪዳ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ኣዴና ነ/ሄሪት ወይኒ ሃብተስላሴ ወልዱ ድማ ናይ መጽምዲ ማሳላ ይተሓለወላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ፋኑኤል ሰዩም በየነ፡ ወለደይ ሰዩም በየነ ዛህላይን ትብለጽ ኣወዓለም የስኣበን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን ከምኡ'ውን ብኣቦና 1ሓፍትና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ሳሙኤል ሓጎስ፡ ኣቦይ ሓጎስ የውሃንስ ናይዝጊ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ከምኡ'ውን ኣደይ ውዳሰ ሃብቱ ክንፈ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ሳሙኤል ወረደጸሃይ ጉብሩ፡ ወላዲትና ሰሚቡኡ የማ ተስፋጼን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓውሻ

ተኸሳሲ ኣቶ ሃብተም ተስፋማርያም ተወልደብርሃን፡ ከሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ እስቲፋኖስ ሃይለ ብወኪላ ኣቶ ጉብረሂወት እስቲፋኖስ ሃይለ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሸከቲ

ወ/ሮ ወለሽ ገ/ማርያም ርበል፡ በዓልቤተይ ኣቶ ሃይለ ዑቕባቱ ዘወልዲ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 6 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገሸናሽም

ኣቶ ኣርኣያ ገረህለስ ጉብረማስቀል፡ በዓልቲ-ቤተይ ብርኽቲ ሳህለ ጉብረመድህን ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ወ/ሮ ኤደን ጉብረገርግስ ወልደመንቆርዮስ፡ ኣቦይ ጉብረገርግስ ወልደመንቆርዮስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትሕተ ዕድመ ተኽለም ተስፋይ ወልደስላሴ ምግል ተሪፉ፡ ርበል ተስፋይ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ዕዳጋ

ከሳሲት ብሪ ደባስ ተኽለሃይማኖት፡ ተኸሳሲ ሓጎስ ኣሎጆ፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን19/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ቅሳነት ጠዓመ ተስፋሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ ማሙቕ ጠዓመ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ ይቕረብ፡፡

ድሌት ጠዓመ ተስፋሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ጠዓመ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍናን ኣዘዞም ኣሰፍሃ ምግል ተሪፉ፡ ፍናን ዓዘዞም ኣሰፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የውሃንስ ደስበለ ዓ/ማርያም ምግል ተሪፉ፡ መርሃዊ ደስበለ ዓ/ማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ኣቶ ብርሃ ጉብረእግዚኣብሄር ተወልዶ፡ ናይ ነ/ሄር ኢያሱ ሃጎስ 2 ተተካእቲ ደቁ፡ ኣዴና ነ/ሄር ለተንገስ ጉብረስላሴ ወልደሃዋርያት ብሂወት ከላ ዝገደፈትልና ለዋ ይጽደቐልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዓቲት

ከሳሲት ወ/ሮ ተብርህ ኣንገሶም ረዘነ፡ ተኸሳሲ ኣንገሶም ሓደሽ ገረመድህን፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲት ወ/ሮ ሓርነት ኣብረሃም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ታደሰ ሃይለ ኣብረሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/8/23 ኣብ ቤ/ ፍ ቅረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ዳኒኤል ዐቕባይ ምግል ተሪፉ፡ ዳኒኤል ዐቕባጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ሳሊሓ ኖራይ እድሪስ ኣሕመድ፡ ወደይ ኣቶ ዓብደላ ሐሰን ሳልሕ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብቲ ወራሲት ናይ ወደይ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ቀ/ ባሕሪ ዓሰቡይ ዓሰብ

ናትናኤል ተኪኤ ተስፋይ፡ ኣደይ ዛይድ መሻሾ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምስጋና



ብሞት ኣዚና ኽቕር በዓል ቤተይ ኣቶ ዳኒኤል ተወልደ ደባስ፡ ኣብ ኣመሪካ ዝቐመጡ ኣሕዋትን ፈተውትን ኣብ ጊዜ ሕማም ብምምልላስ፡ ረሳ ናብ ኣስመራ ብምስዳድ ዝተሓበበርኩምናን ዘቃበርኩምናን፡ ብተሌፎን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ንገልጽ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሄርሞን ዘርኣይ ሃይለስላሴ ምስ ምሉኣት ስድራቤታን ኩላቶም ስድራ ቤት ኣቶ ተወልደ ደባስን፡፡

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና ኽቕር ኣቦና መሓሪ ተስፋማርያም ኣወዓለም ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ 4 ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝጸናና ንገልጽ፡፡

ደቁ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣነ ኣመልካቲ ጸሃዩ ጉብረእየሱስ ጉብረክርስቶስ ዝተብሃልኩ፡ ናይ ውልቂ ንብረተይ ዝኾነ ኣብ ሰ/ቀ/ባሕሪ ከተማ ባጽዕ ኣረጊት ኣየር ፖርት ምምሕዳር ከተማ ምጽዋዕ ፕሎት 5 ፓርሰል G ስፍሓት ብኣሃዝ 500 ት/ሜ ዓይነት ገዛ G+1 ስፍሓት ህንጻ 1157.3 ት/ሜ ብ2011 ዓ/ም ዝተሃንጸ፡ ኣብ ከባቢ ዚፕ ኮድ 6 ምጽዋዕ ብዙሓ ክፍልታት ቀንዲ 8 ሓገዝቲ 5 ተሰሪሖዎ ዝርከቡ፡ መዳውብቲ ንብረት ብሰሜን ፓርሰል F ብደቡብ ፓርሰል H ብምብራቕ ምስ መንገዲ፡ ብምዕራብ ምስ ፓርሰል Pንዐ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 2-000506 ዝተመዝገበ ናይ ውልቂ ንብረተይ፡ ንደቀይ 1ይ ኣዳምስ ጸሃዩ ጉብረእየሱስ 2ይ ብሩክ ጸሃዩ ጉብረእየሱስ፡ ኣብ ቅድሚ ናይ ዞባ ማእከል ረጀስትራርን 4 መሰኻኽርን ዝሓበኩዎም ህያብ፡ ካብ ስመይ ናብ ስሞም ስም ክመሓላለፍ ስለዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ይቕረብ፡ ኣብ ዝተባህለ መዓልታት እንተዘይቀሪቡ፡ ስም ካብ ስመይ ናብ ስሞም ክመሓላለፍ ምዃነይ የመልክት፡፡

ኣቶ ጸሃዩ ጉብረእየሱስ ጉብረክርስቶስ

## ኣገዳሲ ምልክታ

ሃገራዊ ፈስቲቫል 2023 ካብ 13-20 ነሓሰ ኣብ ኣስመራ ቀጽሪ ኤክስፖ ክተየድ ምዃኑ ንግዱሳት ንሕድግ፡፡
* ኣገልግሎት መግብን ማስተን፡
* መሸጣ ፍርያት ውሽጢ ሃገርን ወጻእን (ባዛር)
* ምርኢት መሸጣ መጻሕፍትን

ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ክትሳተፉ እትደልዩ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 1 ነሓሰ 2023 ኣብ ጎደና ሰማእታት ቁ.ገዛ 31 (ከባቢ ሲቲ ፓርክ) ዝርከብ ቤ/ጽ ሃ/ኣ/ሸማግለ በዓላት መጺእኩም ክትምዝገቡ (ቅጥዒ ክትመልኡ) ንሕብር፡፡

(ንሓፈሻዊን ዝርዝራውን ሓበሬታ ብዘምልከት፡ ኣብ ቀረባ መጺኢ ወግዓዊ መግለጺ ኪወሃብ'ዩ)

ቤ/ጽሕፈት ሃ/ኣ/ሸማግለ በዓላት

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ናይ ኣሰልጠንቲ ኵዕሶ እግሪ ስልጠና ሂቡ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ 17 ክሳብ 21 ሓምለ ናይ ኣሰልጠንቲ ኩዕሶ እግሪ ናይ ተሃድሶ ስልጠና ከም ዝሃበ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

ኣብዚ ንመደብ ምልላይ ተወሃቦታት ኩዕሶ እግሪ (TALENT IDENTIFICATION) ዝተዋህበ ስልጠና፡ ካብ ሽዱሽተአን ዞባታት ዝመጹ 30 ኣሰልጠንቲ እዮም ብኽልተኡ ጾታ ተሳቲፎም።

ኣብ መዕጸዊ'ቲ መደብ ተረኺቡ ቃል ዝሃበ ምክትል ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ተስፉሚካኤል ብርሃ፡ ሰልጠንቲ ንምዕባለ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብምሕሳብ፡ ኣብ ዝጸበዮም ዘሎ መደብ ብዕቱብ ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብቲ ኢጋጥሚ'ውን ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ሙልጌታ ገ/ትንሳኤ፡ እቲ መደብ ከም መፈተኒ ምዃኑ ብምብራህ፡ ኑቲ ናይ ብቕዓት ፍልልይ ዝተራእየሉ ሃገራዊ ውድድር ትሕቲ 23 ዓመት ምርኩስ ብምግባር፡ ዞባታት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ተማሕጺኑ።

ወከል ተመረቕቲ ከኣ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝ. ስልጠና ከዳልው ብምኽኣሉ ምስጋንኡ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኑቲ ዝተወሃቦም ትምህርቲ ናብ ተግባር ንምቕያሩ ከም ዝጽዕሩ ገሊጹ።

ዕላማ'ቲ ብኢንስትራክተራት ዳኒኤል የውሃንስ፡ ኣቶ እስቲፋኖስ ኣሰፋው፡ ኣቶ ኣለምሰገድ ኤፍሬምን ሱፐርቫይዘር ብርሃ ረዘነን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብደረጃ ሃገር ብዘለቑ ኣሰልጠንቲ ተታሒዙ ንዝሰርሓሉ ዘሎ ምድላብ ምልላይ ተወሃቦታት ኩዕሶ እግሪ ንምዕባይ ምዃኑ'ዩ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝሕብር።



## ቀይሕ ባሕሪ ነጥቢ ኣጥፊኣ ውድድራት ደቂ-ኣንስትዮ ቀጺሉ

መበል ዓሰራይ ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት 23 ሓምለ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብሓያል ስፖርታዊ ምትህልላኽ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክብ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።



ኣብዚ ዕለት ቀዳመን ንግደ ዝወረደ ጉዳይም ጋንታታት ኣልታሕሪርን ኣዱሊስን እየን ነይረን። ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ናይዚ ሻምፕዮን፡ ኣልታሕሪር ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ከም ዝወደኣት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣዱሊስ ከኣ ሻዱሻይቲ እያ ነይራ። ኣብቲ እዋን እዚን ክልተ ጋንታታት ኣብ ዝተራኸባሉ ከኣ፡ ኣዱሊስ 1ብ0 ተዓዊታ ምንባራ ሰነዳት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል የረድኡ። ኣብዚ ናይ ካልኣይ ዙርያ ርክበን ግን ክልቲአን ጋንታታት መሳጢ ጸወታ ከንጸብርቓ ኣይከኣላን። ከም ውጽኢቱ ከኣ ልዳተን ከይተደፍረ ብዘይ ሸቶ 0ብ0 እየን ኑቲ ጸወታ ዛዚመንኦ። ኣዱሊስ ካብ መጀመርያ ወርሒ ሰነ ኣትሒዛ ብሓድሽ ኣሰልጣኒ ጀማል ኢብራሂም እያ ትእለ ዘላ። ኣብዚ ናይ ትማሊ ጸወታ፡ ውድድርን ስራሪዓትን ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ንትሑት ምንቅስቓስ ናይቲ ግጥም ኣብ ግምት ብምእታው ብሉጽ ተጻዋታይ ኣይሸለመን።

ቀጺለን ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ዝገጠማ እታ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ብጹብለልታ ጎል ተበሊጸ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ዝዛዘመት ክለብ ቀይሕባሕርን፡ ሻውዓይ ደረጃ ዝወጸኦት ኩብንያ ሰምባልን እየን ነይረን። ቀይሕ ባሕሪ፡ እታ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ብጹብለልታ ሸቶ ዝበለጸታ ደንደን ዓወት ከም ዘመዝገበት ፈሊጣ ናብዚ ውድድር ብምእታዋ ግድን ሰለስተ ነጥቢ ክትወስድ'ዩ ነይሩዋ። ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ቀዳማይ ርክብ ንኩብንያ ሰምባል 1ብ0 ረቲዓታ ብምንባራ ከኣ ደገፍታ እዚ ዓወት ከድግም ልዑል ትጽቢት'ዩ ነይሩዎም።

ግጥም ናይዘን ክልተ ጋንታታት ብኢንተርናሽናል ዳኛ ተኸሉ መንክ፡ ናይ መስመር ደያኑ ኢንተርናሽና ዳኛ እየበል ሚካኤል፡ ሓንስ ተኸስተ ኮንስረግሽን ዑመር ሰዒደን ተመሪሑ'ዩ ጀሚሩ። ጸወታ ካብ መፈለምታኡ ሓያል ተወዳዳርነት'ዩ ኣርእዩ። ተጻወትቲ ቀይሕ ባሕሪ ዋላ'ኳ ኩዕሶ ካብ ድሕሪት ሃጸም ንመጥቃዕቲ ይቐርቡ እንተነበሩ፡ ንመስመር ምክልኻል ሰምባል ክጥሕሱ ግን ደጋግሞም ነይሩ። ቀይሕ ባሕሪ ኣብ መበል 45 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ረኺባ'ኳ እንተነበረት፡ ሓላዊ ልዳት ሰምባል ተመስገን ገመቹ ግን ክትምዝገብ ኣየፍቀደላን። በዚ ኸኣ ቀይሕ ባሕሪ ወርቃዊ ዕድል ከሲራ ብዘይ ሸቶ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ቀይሕባሕሪ ዋላ'ኳ ንጸወታ ናብ ረቡሓኣ ንምቕያር ልዕሊ'ቲ ቅድሚ ዕረፍቲ ዝረኸበቶ ዕድላት እንተፈጠረት፡ ሓላዊ ልዳት ሰምባል ተመስገን ገመቹ ግን ብሓያል ብቕዓት ልዳቱ ከድፍር ኣይከኣለን። ጸወታ ብዘይ ዝኾነ ሸቶ 0ብ0 እዩ ተዛዚሙ። ቀይሕ ባሕሪ ድማ ካብ መራሒት ደንደን ብጹብለልታ ሸቶ ጥራይ ዘይኮነ ብነጥቢ'ውን ክትተርፍ ክኢላ ኣላ። ደንደን 26 ነጥቢ ክትሕዝ ከላ፡ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ 24 ነጥቢ ኣዋህሊላ ኣላ። ኣብዚ ናይ ሰንበት ግጥም፡ ሓላዊ ልዳት ሰምባል ተመስገን ገመቹ እዩ ብዘርኣዮ ድንቂ ብቕዓት ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ድሕሪ'ቲ ግጥም ኣሰልጣኒ ቀይሕ ባሕሪ ኤርሚያስ ተወልደ ኑቲ ጸወታ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣንጻር ኩብንያ ሰምባል ክትገጥም ቀሊል ከም ዘይኮነ ብምብራህ፡ ተጻወትቱ ኣብ ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጸወታታት ብምቕናዮም ድኻም ከም ዘበርም ኣረዲኡ። ንሱ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝቐጽል ጸወታታት ነጥቢ ከየጥፍኡ ኣብርቲዖም ከም ዝሰርሑ ኣፍሊጡ።

ኣሰልጣኒ ኩብንያ ሰምባል የውሃንስ ተወልደብርሃን ብወገኑ፡ ኩለን ጋንታታት ደረጃአን ንምምሕያሽ ብዝኻይድኦ ዘለዋ ጻዕሪ ውጽኢት ይቀያየር ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ተመሳሳሊ ዓወት ንምርካብ ሓያል ጻዕሪ ከም ዘካይዱ ሓቢሩ።

ብመሰረት ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ ጸወታታት፣ ደንደን 26፡ ቀይሕባሕሪ 24፡ ኣልታሕሪር 15፡ ኣስመራብራ 14፡ ኩብንያ ሰገን 13፡ ኣዱሊስ 12፡ ኩብንያ ሰምባል 10፡ ማይተመናይ 10፡ ዕዲጋሓሙስ 8 ተራሮሎ ከኣ 1 ነጥቢ ኣመዝጊበን ኣለዋ።

ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'፡ ሎሚ ሰሉስ'ውን ካብ ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣትሒዙ ኩብንያ ሰምባል ምስ ኣስመራብራ ዕዲጋሓሙስ ከኣ ምስ ደንደን ብዝካየድኦ ጸወታታት ክቕጽል ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ብቀዳም ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዙ ቀጺሉ ነይሩ። ፍርቂ መዓልቲ ዝገጠማ ጋንታታት ንኣሳን ምምሕዳራት በሪኽን ሰምባልን እየን ነይረን። ሰምባል ድሕሪ ዕረፍቲ ካብ ሓናን መሓመድ ብዝመዝገበታ ሸቶ 1ብ0 ተዓዊታ ወጺኣ። ብሉጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ድማ ናይ ሰምባል ሓናን መሓመድ እያ ተባሂላ።


ቀጺለን ሰዓት 2፡00 ዝገጠማ ምምሕዳር ንኣስ ዞባ ጎዳይፍ ምስ ኩብንያ ሰገን እየን። ኣብ'ዚ ግጥም ድማ ኩብንያ ሰገን ቅድሚ ዕረፍቲ፡ ሩፍታ ኪዳን ናብ ገዛእ ልዳታ ብዝመዝገበታ ሸቶ ከምኡ'ውን ጸወታ ክዛዘም ሓደ ደቒቕ ምስ ተረፎ ካብ ኣኽበረት ፍትዊ ብዝረኸበታ ሸቶ ተሓጊዛ 2ብ0 ተዓዊታ። ብሉጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ድማ ሮዳስ ትኩእ ካብ ኩብንያ ሰገን እያ ተሸሊማ።

ኣብ መወዳእታ ዝተራኸባ ኢንሹራንስን ምምሕዳር ንኣስ ዞባ ገጀረትን እየን ነይረን። ኢንሹራንስ ኣብ መበል 38 ከምኡ'ውን ኣብ መበል 54 ደቓይቕ ካብ ራህዋ ሓድሽን ፍትሓዊት ማጆርን ብዝረኸበተን ሸቶታት 2ብ0 ክትዕወት ክኢላ። ብሉጽቲ ተጻዋቲት ድማ ሉና ሙሴ ካብ ኢንሹራንስ ተሸሊማ።

ግጥማት ደቂ ኣንስትዮ ረቡዕ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዙ ኩ/ሰገን ምስ በሪኽ፡ ጎዳይፍ ምስ ሰምባል፡ ገጀረት ምስ ደንደን ብዝካየድኦ ጸወታታት ክቕጽል'ዩ።

## ምባፐ 259 ሚልዮን ተሰሊዑሉ

ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል ንበሊጽ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ኪልያን ምባፐ ንምዕዳግ 259 ሚልዮን ፓውንድ ምቕራባ፡ ፍሉይ ኣርእስቲ ፈጢሩ። ወዲ 24 ዓመት ምባፐ ዝ. ቀሪቡሉ ዘሎ ዝፍ መጠን ገንዘብ እንተደኣ ተቐቢልዎ፡ ሓድሽ ናይ መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ክብረ ወሰን ክሕዝ'ዩ። ብብዙሓት ጋንታታት ዝህደን ዘሎ ኪልያን ምባፐ፡ ኣብዚ ናይ ክራማት መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ካብ ፒኤስጂ ክወጽእ ምዃኑ ብሰፊሑ'ዩ ዝውረ ዘሎ። ፒኤስጂ፡ ዝ. ተጻዋታይ ኣብ ፓሪስ ጉዳፉ፡ ኣብ ጃፓን ናይ ቅድመ ወቕቲ ምድላዋት ኣብ ምግባር'ያ ትርከብ ዘላ። በዚ ኸኣ ፕረዚደንት እታ ጋንታ ናስር ኣል ኬላይፊ፡ ኑቲ ተጻዋታይ ኣብ 2024 ብናጻ ከይከሰሮ ኣብ ዕዳጋ ኣውሪድዎ ከም ዘሎ ዘረድእ ምዃኑ'ዩም ብዙሓት ወሃኒት ዝሕብሩ። ምስ ፒኤስጂ ቅርበት ዘለዎም ወሃኒት'ውን ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል ምስቲ ተጻዋታይ ክትዘራረብ ፍቓድ ከም ዝተዋህባ ይሕብሩ ኣለዉ። ምባፐ ናብ ክለብ ኣል ሂላል እንተደኣ ተጸንቢሩ፡ ዓመታዊ ኣስታት 173 ሚልዮን ፓውንድ ኣታዊ ክረኽብ ከም ዝኽእል'ዩ ዝግለጽ። እቲ ተጻዋታይ ኣብ 2022 ናብ ሪያል ማድሪድ ክኸይድ ተቓሪቡ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ወዲኡ ግዜ ግን ኑታ ሰጽናዊት ክለብ ከም ዝሓደረ ይዝከር። ኣብዚ እዋን ከኣ እቲ ተጻዋታይ ምስ ሪያል ማድሪድ ኣብ 2024 ብናጻ ክስጋገር ብውልቁ ከም ዝተሰማምዐ ዝሕብሩ ወሃኒት ብምህላዎም፡ ኣል ሂላል ሕልማ ዘይክሰምረላ ይኽእል'ዩ። ክሳብ ሕጂ ሓሙሽተ ጋንታታት ኑቲ ተጻዋታይ ንምውናን ምስ ፒኤስጂ ይዘራረባ ከም ዘለዋ'ዩ ዝሕበር። ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ቸልስን ቶተንሃምን እተን ኣብ ልዕሊ ምባፐ ተገዳስነት የሕደረን ዘለዋ እንግሊዛውያን ጋንታታት እየን። ብፍላይ ዩናይትድ፡ ድሕሪ ክርስትያኖ ሮናልዶ ሓድሽ ኣጥቃዓይ ንምርካብ ኣብ ምጉያይ እያ ትርከብ ዘላ። ንሓላዊ ልዳት ኦናናን ኣከፋፋሊ መይሰን ማውንትን ድሕሪ ምፍራማ ከኣ ንኣጥቃዓይ ኣታላንታ - ራስሙስ ሆይሉንድ ንምውናን ትሰርሕ ኣላ።




## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

• መንእሰይ ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንቶኒ ኢላንጋ ምስ ኖቲንግሃም ፎረስት ንምጽንባር ሕክምናዊ መርመራ ከም ዝወደአ ተፈሊጡ። ዩናይትድ ካብዚ ተጻዋታይ ኣስታት 15 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዝረኸበት'ዩ ዝሕበር።

• ልዊስ ስዋረዝ ምስ ናይ ቅድም ወዲ ጋንታኡን ዓርኩን ዝኾነ ሊዮኔል መሲ ዳግማይ ክራኸብ ምዃኑ ተገሊጹ። ስዋረዝ ምስ ግረሚዮ ዘለዎ ውዕል ብዕሉ ከሲሩ'ዩ ናብ ኢንተር ማያሚ ክኸይድ ሓሊኑ ዘሎ።

• ቸልሲ ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ክሪስታል ፓላስ ማይክል ኦሊሰ ንምፍራም ትሰርሕ ኣላ። እዛ ጋንታ፡ ዝ. ተጻዋታይ 39 ሚልዮን ፓውንድ ሰሊዓትሉ ከም ዘላ'ዩ ዝሕበር። ማንቸስተር ሲቲ'ውን ኣብ ልዕሊ እዚ ተጻዋታይ ተገዳስነት የሕደራ ከም ዘላ ይሕብር'ዩ።

• ማንቸስተር ዩናይትድ ንሃሪ ኬይን ንምፍራም ዳግማይ ናብ ዕዳጋ ከም ዝኣተወት ይግለጽ ኣሎ። ወዲ 29 ዓመት ሃሪ ኬይን ኸኣ ምስ ቶተንሃም ሓድሽ ውዕል ኣይፈረመን ዘሎ። መኽንያቱ'ውን ዝ. ተጻዋታይ ንምፍራም ንሳልሳይ ግዜ ናብ ከተማ ለንደን ከም ዝምረሐት ተፈሊጡ ኣሎ።

• ኢይቮራያዊ ኣ ጥ ቃ ዓ ይ ክሪስታል ፓላስ ዊልፍሪድ ዛሃ ብናጻ ምስ ጋላተሰራይ ከም ዝፈረመ ተሓቢሩ።

• ቸልሲ፡ ወዲ 30 ዓመት ተጻዋታይ ሉካኩ ናብ ስዑዳውያን ክለባት ኣይከይድን'የ ምባሉ ከም ዘተሓሳሰበ ገሊጹ። ሉካኩ ካብ ኤውሮጳውያን ጋንታታት ጻውዒት ክመጾኦ እዩ ዝጸበ ዘሎ።



# ዜና ወጻኢ


ተስፋኣለም የማነ

## “ኣፍሪቃ፡ ካብ ውዕል እኽሊ ዩክሬን ፈጺማ ኣይተጠቕመትን” ፕረዚደንት ፑቲን

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ሕርሻዊ ምህርቲ (እኽሊ) ዩክሬን ብመንገዲ ጸሊም ባሕሪ ኣቢሉ ናብ ዕዳጋታት ዓለም ክለኣኽ ኣቐዲሙ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኑቲ ዝተበገሰሉ ሰብኣዊ ዕላማታት ክወቅዕ ብዘይምኽኣሉ ሩሲያ ኣካል’ቲ ውዕል ኮይና ክትቅጽል ድሌት ከምዘይብላ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት ከም’ዚ ዝበሉ ዘሎ፡ ሞስኮ ኣብዚ ሰሙን’ዚ ኣብ ካልኣይ ‘ዋዕላ ሩሲያ - ኣፍሪቃ’ ንዝሳተፉ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ንምቕባል ኣብ እትሸባሸበሉ ዘላ እዋን’ዩ።

ቭላድሚር ፑቲን ኣብቲ ትማሊ ሰኑይ ብጽሑፍ ዘዘርግሐ መግለጺ፡ ሩሲያ ኣብቲ ፈለማ ኣካል’ቲ ውዕል ክትከውን ዝወሰነትሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ዕላማ’ቲ ስምምዕ ብቐንዱ ውሕስነት መግቢ ዓለም ንምርግጋጽን ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኤሲያን ላቲን ኣመሪካን ክኽሰት ንዘኽእል ሓደጋ ጥሜት ንምቕናስን



ስለዝነበረ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣስዒቡ ድማ፡ “እንተኾነ እቲ ስምምዕ ብኣንጻር’ቲ ሃገራት ምዕራብ ስም ኣፍሪቃ እናኣልዓላ ዝዘመረሉ፡ ንኣፍሪቃ ዳርጋ ፍጹም ከርብሓ ኣይከኣለን። እቲ ሓቂ ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ሕንኽ ከይብላ ኑቲ እኽሊ ተቐቢለን እንደገና ናብ ድኻታት ሃገራት ብምሻጥ፡ ኑቲ ውዕል ከም መፈልፈሊ ሃብቲ ዓቢይቲ ናይ ንግዲ ትካላተን ክጥቀማሉ ጸኒሐን” ክብል ወቒሱ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ መግለጺኡ ወሲኹ፡ ከም ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ሶማል፡ የመንን ኣፍጋኒስታንን ዝኣመሰላ ድኻታት ሃገራት፡ ካብቲ ብጸሊም ባሕሪ ኣቢሉ ናብ ዕዳጋታት ዓለም ክዘርጋሕ ዝጸንሐ መጠን ሕርሻዊ ምህርቲ ዩክሬን ትሕቲ 3% ጥራይ ከምእተቐበላ፡ ብኣንጻሩ እቲ ልዕሊ 70% ናብ’ተን ብቑጠባ ዝበልጸጋ ሃገራት ምዕራብ ከምዝምርሐ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሩሲያ ከም እኽሊ፡ ፍርያት መግቢን ዘመናዊ ድኹዒን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ምህርቲታት ናብ ኣፍሪቃ ንኸይትልእኽ ሃገራት ምዕራብ ሓያል ጸቕጢ ይገብራ ከምዝለዋ ድሕሪ ምጥቃሶም፡ እዚ ኩይኑ ግን፡ ሩሲያ ኣብ 2022 ጥራይ 11.5 ሚልዮን ቶን ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ ናይዚ ዓመት’ዚ ድማ ኣስታት 10 ሚልዮን ቶን እኽሊ ናብ ኣፍሪቃ ከምዝለኣኸት ገሊጾም።

በዚ ድማ፡ ሩሲያ ንዩክሬን ተኪኣ ንጠለብ እኽሊ ኣፍሪቃ ከተማልእ ኣብ እትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ ከምዘላ እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ ሓቢሩ።

## ጣሊባን፡ “መራሕቲ ዳዕሽ ናብ ኣፍጋኒስታን ተላኢኾም” ንዝብል ክሲ ነጺጉ



ንኣፍጋኒስታን ዘመሓድር ዘሎ ጣሊባን፡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ንዝተዋህበ - “መራሕቲ ዳዕሽ ናብ ኣፍጋኒስታን ተላኢኾም” ዝብል ክሲ ብትሪ ነጺጉዎ።

ጣሊባን ብመንገዲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢኡ ኣቢሉ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ “ኢራን እንተድኣ ንምስጋር ኣብኡ ዳዕሽ ናብ ኣፍጋኒስታን ዘመልከተ ዝሹዕ ስለያዊ ሓበሬታ ኣለዋ ኮይኑ፡ ተሰፋ ንዝበር ንዓና ከተካፍለና - ምእንቲ ናይ ጸጥታ ሓይሊታትና ኣብ ልዕሊ’ቶም ሸበራውያን ኣብኡ ስጉምቲ ክወስዱ” ክብል ገሊጹ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ጣሊባን ሕጂ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ኣብ በረኻታት ኩይኑ ኣንጻር ወረርቲ ሓይሊታት ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ከይተረፈ ኣንጻር ዳዕሽ ጸገው ይቃለስ ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሰበስልጣን ኢራን ኣብ ክንዲ ኣብ ወቓሳን ውንጀላን ዘተኩሩ፡ ንዘምድና ክልተኣን ጉርብቲ ሃገራት ኣብ ዘገድሱ - ከም ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበራዊን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ሃናጺ ተራ ክጻወቱ እቲ ሚኒስትሪ ተማሕጺኑ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ሓሴን ኣሚርዓብዶላሂያን፡ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ መንግስታዊት ቴሌቪዥን ሃገሩ ኣብ ዘካየዶ ቃለምሕትት፡ ኣብ ዒራቕ፡ ሶርያን ሊብያን ዝጸንሑ ላዕለዎት መራሕቲ ዳዕሽ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ብስቱር መንገዲ ናብ ኣፍጋኒስታን ከምእተላእኩ ገሊጹ ነይሩ።

## ኢንዶኔዥያ - ብሓደጋ ጃልባ ብዙሕ ሰብ ሞይቱ

ኣብ ገማግም ባሕሪ ኢንዶኔዥያ ዝሓለፈ ሰንበት ለይቲ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምጥሓል ጃልባ ብውሕዱ 15 ሰብ ከምዝሞቱ፡ ሰበ መዚ’ታ ሃገር ትማሊ ሰኑይ ሓቢሮም።

እታ ጃልባ ብጠቕላላ 40 ተጓዓዝቲ ኣሰፊራ ምንባራ ዝሓበሩ እቶም ሰበመዚ፡ ኻኣ 19 ሰብ ደጊዮም ተሳኢኖም ብምህላው ይድለዩ ከምዘለው ገሊጾም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ካብቲ ሓደጋ 6 ተጓዓዝቲ ከምዝደሓኑን ኣብ ሆስፒታል ተዓቑቦም ሕክምናዊ ክንክን ይግበረሎም ከምዘሎን ኣረዲኦም።

ጠንቂ’ቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ገና ኣይተፈለጠን ዘሎ።

ኣብ ማእከል ኢታ ብልዕሊ 17 ሽሕ ንኣሽቱን ዓበይቲን ደሴታት ከምዝቖመት ዝፍለጥ ኢንዶኔዥያ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓደጋታት ብተደጋጋሚ ከምዘጋጥምዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።



ንኣብነት፡ ኣብ 2018፡ ኣብ ደሴት ሱማትራ ኣብ ዝርከብ ‘ቶባ’ ዝተባህለ ዓቢ ቀላይ፡ ሓንቲ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ተጓዓዝቲ ጸዒና ዝነበረት ጃልባ ተዘምጢላ ድሕሪ ምጥሓላ፡ 192 ሰብ ጥሒሎም ከምዝሞቱ ናይ ሽው ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ግንቦት 2022 እውን ኣብ ደቡባዊ ገማግም ባሕሪታ ሃገር ልዕሊ 800 ተጓዓዝቲ ኣሰፊራ ዝነበረት ጃልባ ኣብ ጫቃ ናይ ምሽካል ሓደጋ ኣጋጢሙዋ ከምዝነበረ፡ እንተኾነ ብዝተኻየደ ቅልጡፍ ረድኤት ኩሎም ተሳፈርታ ክድሕኑ ከምዝኸኣሉ ይግለጽ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ወደባዊት ከተማ ፖርት ሱዳን (ሱዳን) ትማሊ ሰኑይ ብዘጋጠመ ሓደጋ ነፋሪት፡ ኣርባዕተ ወተሃደራት ዝርከቡዎም ብውሑዱ ትሽዓተ ሰብ ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

ወተሃደራውያን ሰበመዚ ሱዳን ትማሊ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እታ ‘ኣንቶኖቭ’ ዝዓይነታ ሲቪላዊት ነፋሪት፡ ብዘጋጠማ ቴክኒካዊ ጸገማት ኣብቲ መዕርፎ-ነፈርቲ ወዲቓ ከምእተሓምሸሸት ኣፍሊጦም።

## ኣውስትራልያ፡ 20 ናይ መጉዓዝያ ወተሃደራውያን ነፈርቲ ትሽምት

ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምኩላዕ ብዙሕ ወጻኢታት ተፍስስ ዘላ ኣውስትራልያ፡ ሕጂውን ‘C-130J Super Hercules’ ዝተባህላ ንመጓዓዝያ ዘገልግላ 20 ወተሃደራውያን ነፈርቲ፡ ብ6.6 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ካብ ኣመሪካ ክትዕድግ ምዃና ኣፍሊጣ።



እታ ሃገር ዝ ተፍልጥ ዘላ ክልተ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኣመሪካ (ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ - ኣንቶኒ ብሊንከንን ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል - ሎይድ ኣስቲንን) ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሰሙን’ዚ ናብ ካንቤራ ከምርሑ ምዃኖም ኣብ ዝገለጹሉ ዘሎ እዋን’ዩ።

ኣውስትራልያ ነተን ብቢሪጣንያ ‘ሎኪድ ማርቲን’ ዝፈረያ ነፈርቲ ንምዕዳግ ዘቕረበቶ ሕቶ፡ ዝሓለፈ ሕዳር ብክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ይሕብር።

ኣውስትራልያ ዘመናውያን ወተሃደራውያን ነፈርቲ ካብ ኣመሪካ ንምዕዳግ ትሰማምዐ ዘላ ልዕሊ 30 ሽሕ ወተሃደራት ዝሳተፉዎ ዘለዉ ዝዓበየ ወተሃደራዊ ልምምድ ምስ ኣመሪካ ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን’ዩ።

እቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ዝጀመረን ንኽልተ ሰሙን ዝቕጽልን ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ናብታ ኣብ ዞባ ኢንዶ-ፓስፊክ ወተሃደራዊ ዕብለላ እተርኢ ዘላ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና መልእኽቲ ንምትሕላፍ ዝዓለመ ምዃኑ’ዩ ዝግለጽ።

ኣውስትራልያ፡ ኣቐድም ኣቢላ’ውን ብኑክሌሳዊ ጸዓት ዝሰርሓ ሓሙሽተ ወተሃደራውያን መራኽብ ትሕተ-ባሕሪ (ሰብመሪን) ካብ ኣመሪካ ንምሽማት ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሐት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ተወሳኺ

ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ሓደ ወተሃደር ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ወላዱ ብዘይምስታፉ (ደብዮምዎ ብምጽንሖም)፡ ኣብ ውዑይ ሓዘን ንዝነበረት በዓልቲ-ቤቱ፡ ክልተ ደቁን ሓሞቱን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ገዝኡ ኮፍ ኢሎም የተሓላዝሉ ንዝነበሩ ካልኦት 9 መቕርቡ ብጥይት ረሻሺኡ ቀቲሉዎም። እቲ ፍጻመ ኩሉ ኣብ መላእ’ታ ሃገር ከበድ ስንባደ ፈጢሩ ኣሎ።

ሰበስልጣን ደ.ሪ.ኮንጎ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡

እቲ ስሙ ዘይተገልጸ ወተሃደር፡ ሞት ወዱ ምስ ተረድኦ፡ ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ንምስታፍ ዝሓለፈ ቀዳም ካብ ኣሃዱኡ ፍቓድ ሓቲቱ ናብ ዓዱ እኳ እንተተጓዕዘ፡ ገዝኡ ምስ በጽሐ ግን፡ ቀብሪ ደሮ ንወዱ ቀቢሮም ኣብ ገዝኡ እዮም ጸኒሖሞ።

በዚ ከኣ ሕርቃኑ ክቆጻጸር ስለዘይከኣለ፡ “ንምንታይ ብዘይ ብኣይ ቀቢርኩሞዎ!” ዝብል ጭደራ እናኣስምዐ ኣፈ-መዝ ብረቱ ናብኣቶም ብምቕናዕ ኣድራጋ ጠያይት ፈንጺሉ።

ንሱ፡ ኑቲ ጭካነ ዝመልኦ መጥቃዕቲ ምስ ፈጸመ፡ ብኡ ንብኡ ሃዲሙ ስለዝተሰወረ፡ ሰራዊት ኮንጎ ናብቲ ከባቢ ኣሃዱታት ልኢኹ ይደልዮ ከምዘሎ፡ እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም ሓቢሮም።

ሰራዊት ኮንጎ፡ እቲ ወተሃደር ካብ ገዝኡ ኣስታት 55 ኪሎሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ በረኻ ተሓቢኡ ምህላው ዝረድእ ሓበሬታ ረኺቡ ከምዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምስ ኣተወ ጉዳዩ ብወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ክርአ ምዃኑ ኣፍሊጡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 25/07/2023 | ጎደና 176 - 3 ቁ.8፡ ከባቢ ሚኒስትሪ ትምህርቲ | 122035 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services